# ራእይ

"ኣብ ቅድሚ ኣዒንትኹም ከም ስቑል ተሳኢሉ ነበረ"

ገላ 3፡1



"ክርስቶስ ናባኻትኩም ክሳብ ዝስኣል
ከም ብሓድሽ እጽዕረልኩም ኣለኹ"

ገላ 4፡19

ብዶ/ር ተኽለኣብ መንግስተኣብ

# ራእይ

ብዶ/ር ተኽለኣብ መንግስተኣብ

ቀዳማይ ሕታም 1999

መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ነታ ካብ ንእስነተይ ጀሚረ ብክርስቲያናዊ እምነትን ስነ-ምግባርን ኮስኵሳ ዘዕበየትኒ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ መካነ ህይወት መድሃኔ ዓለም ቤተ ክርስቲያን ትምህርቲ ሰንበት ወፍየያ ኣለኹ።

ብሓልዮት መካነ ህይወት መድሃኔ ዓለም ኦርቶዶክስ ተዋህዶ
ቤተ ክርስቲያን ትምህርቲ ሰንበት ተሓትመ።

## መእተዊ

“ራእይ” ዝብል ኣርእስቲ ኣልዒልካ ክትዛረብ፡ ክትጽሕፍ ወይ’ውን ክተንብብ ክለኻ ከቢድ ኣርእስቲ ከም ምዃኑ መጠን ከቢድ ዝኾነ ምስትውዓል ከም ዝሓትት ርዱእ ይመስለኒ። እዚ ከኣ ሰባት ንራእይ ዝህብዎ ትርጉም ኣዝዩ ስለዝፈላለ ጥራይ እዩ። እንተኾነ ስለዝኸበደ ጥራይ ጎሲኻዮ ዝሕለፍ ኣርእስቲ ኣይኰነን። “ራእይ” ዝብል ኣምር ወይ ኣተሓሳስባ ካብ ኣእምሮ ክርስቲያናትን ቤተ ክርስቲያንን እናርሓቐ ስለ ዝኸደ ከኣ እዩ ወንጌል ክበጽሖ ካብ ዝነበሮ ደረጃ ገና ርሒቑ ዝርከብ።

ከምቲ ኣብ ትንቢት ኢሳይያስ 26፡17-18 “ከም ጥንስቲ ሰበይቲ፡ ክትወልድ ምስ ቀረበት፡ ቅልውላው ተታሒዛ እትጭርሕ፡ ዎ እግዚኣብሄር፡ ንሕናውን ኣብ ቅድሜኻ ኸምኡ ኹንና። ጠነስና፡ ጻዕሪ ሕርሲ ሓዘና፡ ንፋስ ከም ዝወለደት ኰንና፡ ምድሓን ንምድሪ ኣየምጻእናላን፡ ኣብ ዓለም ዚነብሩ ኸኣ ኣይውለዱን።” ዝብል ተጠቒሱ እንረኽቦ፡ ኣብዚ መንፈሳዊ ምንቅስቓስ በዚሑሉ ዘሎ ዘመን ክንድቲ ዝድለ ፍረን ውጽኢትን ዘይምርካቡ፡ ነዚ ጥቕሲ እዚ ዘኪርና ርእስናን ኣገልግሎትናን ክንምርምር ከምዝግብኣና ግሉጽ እዩ። ብመንጽር ናይዚ ዝዓይነቱ ህይወት ከኣ ህዝቢ ዝኣክል ብሓንቲ ጊዜ ብዘይ ቅልውላው ብዘይ ጻዕሪ ከምዝውለድ፡ እቲ ንምውላድ ዘብጸሐ ኣምላኽ፡ ሓይሊ ምውላድ ከምዘይከልእ፡ እቲ ሓይሊ ምውላድ ዝህብ ኣምላኽ ድማ ማህጸን ዓጽዩ ደቂ (ውሉድ) ከምዘይከልእ ኢሳይያስ ባዕሉ ኣብ 66፡7-9 ገሊጹ ኣሎ።

እምበኣር ካብዚ በዳሂ ሕቶ እዚ ብምብጋስ እየ ነዚ ራእይ ዝብል ኣርእስቲ ንምጽሓፍ ዝተበገስኩ። ምኽንያቱ ብዘይ ራእይ ምኻድ ማለት ንዘይፍሉጥ

ምጉያይ ንንፋስ ምውቃዕ ወይ ምምካት ማለት እዩ። ጳውሎስ ግን፡ “ስለዚ ኣነ እጎዩ ኣሎኹ፡ ግናኸ ከምቲ ንዘይፍሉጥ ዝጐዩ ኣይኰንኩን፡ እምክት ኣሎኹ፡ ከምቲ ንንፋስ ዚወቅዕ ግና ኣይኰንኩን።” ኢሉ እዩ (1ቈረ 9፡26)። ስለዚ ብፍሉጥን ንጹርን ራእይ ነዚ ኣገልግሎትን ነዚ ህዝብን ክንምክትን ክንጎይን፡ ጽዒርና ደኺምና ንፋስ ዘይኰነስ፡ ነዚ ህዝቢ እዝን ነዛ ዓለም እዚኣን ምድሓን ከነምጽኣላ፡ እቶም ኣብ ዓለም ዝነብሩ ከኣ ውሉድ እግዚኣብሄር ኪኾኑ ንኽንረድኦም ካብ መጀመርታ ክሳዕ መፈጸምታ ብራእይ ክንዓዪ ይግብኣና።

ነዚ ጽሑፍ እዚ ንምጽሓፍ ሓደሓደ መጻሕፍትን ዝተኻፈልክዎም መንፈሳውያን ጉባኤታትን ከም መወከሲ ከምዝተጠቀምኩ ክገልጽ እፈቱ። ኣዝዩ ሓጺር ጽሑፍ ስለዝኾነ፡ ኣብ ኣብያተ ክርስቲያን ይኹን ብውልቒ ንመጽናዕቲ መጽሓፍ ቅዱስ ከም ሓጋዝን መበገስን ክኸውን ስለዝኽእል፡ ከተንብብዎን ከተስፍሕዎን ዘሎኒ ተስፋ ወሰን የብሉን። ጐይታ እንተፈቒድዎ ኣነ'ውን እንተልየ ስፍሕ ብዝበለ መልክዕ እንደገና ከዳልዎ መደብ ኣሎኒ። ስለዚ ውዱእ ጽሑፍ ስለዘይኰነ ጽቡቕ ጐኑን ሕማቕ ጐኑን ርኢኹም ዝመሓየሸሉ መገዲ ክትሕብሩኒ ተስፋ እገብር። እግዚኣብሄር ይባርኽኩም!!

ዶ/ር ተኽለኣብ መንግስተኣብ

| ትሕዝቶ | ገጽ |
|---|---|
| ትርጉም ራእይ | 1 |
| ኣካላት ራእይ | 3 |
| 1. ንእግዚኣብሄር ምርኣይ | 3 |
| 2. እግዚኣብሄር ንዝርእዮ ምርኣይ | 5 |
| 3. እግዚኣብሄር ከምዝርእዮ ጌርካ ምርኣይ | 6 |
| ዓይነት ራእይ | 9 |
| 1. ሓፈሻዊ ራእይ | 9 |
| 2. ናይ ጉጅለ ራእይ | 10 |
| 3. ናይ ግሊ ራእይ | 10 |
| ባህርይ ራእይ | 12 |
| 1. ራእይ ቃል ኣለዎ | 12 |
| 2. ራእይ ህዝቢ ኣለዎ | 13 |
| 3. ራእይ ቦታ ኣለዎ | 15 |
| 4. ራእይ ጊዜ ኣለዎ | 16 |
| ምንጪ ራእይ | 18 |
| 1. ንእግዚኣብሄር ምፍላጥ | 18 |

2. ንርእስኻ ምፍላጥ ..... 19
3. ንህዝብኻ ምፍላጥ ..... 20
ጥቕሚ ራእይ ..... 22
1. መኣዝን የትሕዝ ..... 22
2. ስርዓት የትሕዝ ..... 23
3. ርእስና ክንውፊ ይገብረና ..... 24

ራእይ ብኸመይ ይሕሎ፧ ..... 25
1. ብትግሃት ..... 25
2. ብጽንዓት ..... 25
3. ብስርዓት ..... 26
4. ንዝተቐበልናዮ ራእይ ብምኽባር ..... 26
5. ንራእይካ ናብ ካልኦት ብምትሕልላፍ ..... 27
6. ብኹነታት ተደሪኽካ ናብ ውሳኔ ዘይምህዋኽ ..... 27
7. ናይ ራእይ ፍልልይ ክህሉ ከምዝኽእል ብምስትውዓል ..... 28

ብራእይ ንምዕባይ ዝረድኡና ነገራት ..... 29
1. ዕላማ ናይ ራእይ ምፍላጥ ..... 29
2. ንዝተገልጸልካ ራእይ እሙን ምኳን ..... 30
3. ንዝተዋህበካ ራእይ ምትግባር ..... 30
4. ብራእይ ንምዕባይ ፍቓደኛ ምኳን ..... 31
5. ንዝተዋህበካ ራእይ ተጨባጢ ምግባር ..... 32
6. ንዝተዋህበካ ራእይ ምምርማር ..... 33

7. ናይ ዝተዋህበካ ራእይ ጊዜ ምሕላው .................................. 33

ዓይነት ኣገልገልቲ ብመንጽር ዘለዎም ዓይነት ራእይ ..... 35
1. ብራእይ ዘይዓቢ ኣገልጋሊ ................................................... 35
2. ሕውስውስ ዝበለ ወይ ዘይተጻረየ ራእይ ዘለዎ ኣገልጋሊ .. 35
3. ዝተበታተነ ወይ ዘይተተሓሓዘ ራእይ ዘለዎ ኣገልጋሊ ...... 36
4. ዘይተወደበ ራእይ ዘለዎ ኣገልጋሊ ...................................... 36
5. ውሱን ራእይ ሒዙ ዝሰርሕ ኣገልጋሊ ................................ 37
6. ውልቃዊ ራእይ ዘለዎ ኣገልጋሊ.......................................... 38
7. ዝተወደበ (ዝተወሃሃደ) ራእይ ዘለዎ ኣገልጋሊ .................. 38

ምልክት ናይ በዓል ራእይ..................................................... 39
1. ነቲ ዝተላእከሉ ራእይ ብቑዕ ምኳን .................................. 39
2. ነቲ ዝተላእከሉ ራእይ ዘለዎ ተወፋይነት ............................ 40
3. ሓቢሩ ዝሰርሕ (ዝትክእ) ሰብ ናይ ምፍራይ ዓቕሚ (ክእለት) ........................................................................ 40

በዓል ራእይ ዘርእዮ ለውጢ................................................. 42
1. ለውጢ ናይ ባህርይ.......................................................... 42
2. ለውጢ ናይ ቋንቋ ............................................................. 43
3. ለውጢ ናይ ጸሎት ............................................................. 44
4. ለውጢ ናይ ኣገልግሎት ..................................................... 45

**ምድላው ናይ በዓል ራእይ** ........ 46
1. ንራእይካ ቅርጺ ምትሓዝ ........ 46
2. ውሽጣዊ ምድላው ........ 47
3. ደጋዊ ምድላው ........ 47

## ትርጉም ራእይ

“ራእይ” ዝብል ቃል ክለዓል ከሎ መንፈሳዊ ብዛዕባ ዝኾኑ ነገራት ክንሓስብን ክንዛረብን ንድረኽ ኢና። ካብ ዝኾኑ ይኹን ዘመን ንላዕሊ “ራእይ” ዝብል ሓሳብ ንዓለም ኣብዚ ዘመን እዚ እናተረድኣ ይመጽእ ኣሎ። ስለዚ ከኣ ኣብ ፖለቲካዊ ኰነ ቁጠባዊ ጉዳያት ብራእይ ምዕያይ ዝብል ኣተሓሳስባ እናዓዘዘ ይኸይድ ኣሎ። ብመንጽሩ ከኣ ኣብ መንፈሳዊ ዓለም ብራእይ ምግልጋል ኣብ ዘይረኣየሉ ዘመን በጺሕና ኣሎና። ስለዚ ከኣ ብዙሕ እናተደኸመ ክነሱ፡ መንፈሳዊ ዕዮ ግን ብዙሕ ክሰልጥ ኣይንርእን ኣሎና። ነዚ ሽግር እዚ ንምእላይ ነፍሲ ወከፍ ሰብ፡ ራእይ እንታይ ምኳኑ ፈሊጡ ብውልቁ፡ ብጉጅለ ይኹን ብቤተ ክርስቲያን ደረጃ ኣብ ዝግበር ኣገልግሎት ብራእይ ክንቀሳቐስ ይግብኦ።

ራእይ ክበሃል ከሎ ብድቁስካ ወይ ከኣ ነቒሕካ እናጸለኻ ከሎኻ ብተመስጦ እትርእዮ ከም ፊልም ዝኾነ ትርኢት ጥራይ ዝመስለና ሰባት ውሑዳት ኣይኰንናን። እዚ ዝጠቐስናዮ ዓይነት ትርኢት ራእይ ኣይኰነን ኣይኰንኩን ዝብል ዘለኹ። ብዙሓት ቅዱሳን ከምዚ ዝበለ ራእይ ርእዮም እዮም። እንተኾነ ኵሎም ቅዱሳን ንኹሉ ዘጋጥሞም ዘበለ ነገራት ብኸምኡ ዓይነት ራእይ እናረኣዩ ኣይኮኑን ኣሕሊፎምዎ። ብመሰረቱ ከምኡ ዝበለ ራእይ ኣብ ቅድሚኦም ዝረኣዩለን ኣጋጣሚታት ኣዝየን ሒደት እየን። ከምዚ ዝዓይነቱ ራእይ እዋናዊ ንዝኾኑ ጉዳያት (ኵነታት) ንምፍታሕ ይወሃብ ከምዝነበረ ንርኢ. (ዘፍ 15፡12-18፣ ዘፍ 28፡12-16፣ ዘጸ 3፡2-3፣ ማቴ 1፡20-24)።

እዚ ክንዛረበሉ ንደሊ ዘሎና ራእይ እንታይ ዝዓይነቱ እዩ፧ ኢልካ ክሕተት ይግባእ እዩ። ራእይ ማለት በዞም ዝስዕቡ ሓሳባት ክግለጽ ይከኣል፡ -

1. ኣርሒቕካ ናይ ምርኣይ ክእለት፡
2. ንጽባሕ ብናይ ሎሚ መነጽር ክትርኢ ምኽኣል፡

3. ንነገራትን ኵነታትን እግዚኣብሄር ብዝርእየሉ ዓይኒ (ኣረኣእያ) ክትርኢ ምኽኣል፡
4. ሓድሽ ነገር ናይ ምቕባልን ኣቐዲምካ ናይ ምርኣይን ክእለት፡
5. በቲ ዘሎ ኵነታት ዘይምርዋይ፡ እቲ ክኸውን ዘለዎ ኵነታት ክትሓስብ ምኽኣል፡
6. ኵሉ ሰብ ኣብ ዝረወየሉ ነገር ልብኻ ናይ ዘይምውዳቕ ክእለት፡
7. ብእምነት ክጭበጥ ዝኽእል ዕላማ ናይ ምግባር ክእለት።

ብዛዕባ ራእይ እዚ ክንብል ከሎና ግን፡ ራእይ ማለት ካብ ኣእምሮና እንፈጥሮ ጽቡቕ ትምኒት፡ ጽቡቕ ሓሳብ ማለትና ኣይኮነን። ናይ ዝተገብረ መጽናዕትን ምርምርን ውጽኢት'ውን ኣይኮነን። ራእይ መንፈሳዊ (መለኮታዊ) መበቆል ዘለዎ፡ ምስ እግዚኣብሄር ጽቡቕ ርክብ ካብ ምግባርና ዝተላዕለ ብጸሎትን ብቓል እግዚኣብሄርን ዝመጽእ ሓሳብን ቅንኣትን ዕላማን እዩ። ካብዚ ርሒቕና እንረኽቦ ራእይ ካብ ሓንጎልና እንረኽቦ ስጋዊ ራእይ ጥራይ እዩ ክኸውን ዝኽእል (ነህ 2፡12፣ ነህ 7፡5፣ 2ዜና 31፡20,21)።

## ኣካላት ራእይ

ሓደ ራእይ፡ ከም ራእይ ክውሰድ እንተኾይኑ ዘጠቓልሎ ወይ ከማልኦ ዘለዎ ነገር ክህሉ ናይ ግድን እዩ። ራእይ መንፈሳዊ ወይ ከኣ መለኮታዊ መበቆል ዘለዎ ምኳኑ ኣቐዲምና ርኢና ኢና። ስለዚ ኑቲ ንሕና እንርእዮ ነገር፡ እግዚኣብሄር ብኸመይ ርእይዎ ከምዘሎ ክንፈልጥ የድሊ። ሓደ ሰብ ራእይ ካብ እግዚኣብሄር ከም ዝተቐበለ ዝኣምን እንተኾይኑ እዘን ዝስዕባ ሰለስተ ነጥብታት ኣብ ህይወቱ ክረአ የድሊ፡-

1. ንእግዚኣብሄር ምርኣይ
2. እግዚኣብሄር ንዝርእዮ ምርኣይ
3. እግዚኣብሄር ከምዝርእዮ ጌርካ ምርኣይ

እዘን ዝተጠቐሳ ነጥብታት ኣብ ህይወቱ ዘይተለማመደ ሰብ ራእይ ካብ እግዚኣብሄር ተቐቢለ ክብል ኣሸጋሪ እዩ።

### 1. ንእግዚኣብሄር ምርኣይ

ሓደ ሰብ እንታይ ይርኢ ወይ ናበይ ገጹ ይርኢ ከም ዘሎ ክንፈልጥ እንተኼንና፡ መጀመርታ ኑቲ ዝርኢ ዘሎ ሰብ ክንርእዮ ከም ዘድልየና ግሁድ ሓቂ እዩ። መኣዝን ናይ ገጹን ኣዒንቱን ምስ ርኣና፡ ብድሕሪኡ ገጽና ኣዚርና ናብቲ ንሱ ዝርእዮ ወይ ዘመልክቶ ዘሎ ክንርኢ ንኽእል። ስለዚ ዝኾነ ኣማኒ ሰብ ድማ ናይ እግዚኣብሄር ዝኾነ ራእይ ክርእን ክቐበልን እንተደልዩ መጀመርታ ናብቲ ምንጪ ናይ ኵሉ ራእያት ዝኾነ እግዚኣብሄር ክርእን ክጥምትን የድልዮ። ኣብ መጽሓፍ ቅዱስና ንእግዚኣብሄር ከይረኣዩ ራእይ ዝረኣዩ ቅዱሳን ኣለው ክንብል ኣዝዩ ኣጸጋሚ እዩ። እንተለዉ ከኣ ንመቕጻዕቶም ዝኸውን እምበር ንዕዮ ኣምላኽ ተባሂሉ ዝተዋህቦም ኣይኮኑን (ዘፍ 41፥1-7፣ ዳኒ 2፥1-6፣ ዳን 4፥10-18)። ከም እኒ ነቡካድነጻርን ቤልሻጽርን ራእያት እኳ እንተረኣዩ ንጥፍኣቶም ዝኸውን እዩ። ኵሎም ቅዱሳት ነብያት ከም እኒ ኤርምያስ፡ ኣሞጽ፡ ሚልክያስ፡ ዳንኤል ዝኣመሰሉ ሰባት ቅድሚ

ራእይ ምቕባሎም ቅድም ንኣምላኽ ከምዝረኣዩ ቃል እግዚኣብሄር ይገልጸልና (ኤር 1፡4-10፣ ኣሞ 7፡14-15፣ ዳን 6፡10፣ ዳን 7፡1)።

ንእግዚኣብሄር ምርኣይ ማለት ግን እንታይ ማለት እዩ፡ እግዚኣብሄር ክርአ ዘይከኣል ረቂቕ መለኮት ምዃኑ ቃሉ የረጋግጸልና እዩ (ዘጸ 33፡20፣ ዮሃ 6፡46፣ ቈሎ 1፡15፣ 1ጢሞ 6፡16፣ 1ዮሃ 4፡12)። ስለዚ ንእግዚኣብሄር ብቓሉን ብጸሎትን ኣብ ዕለታዊ ህይወትና ኢና እንርእዮ። ዳዊት "ኣብ ሕግኻ ተኣምራት ክርእስ ኣዒንተይ ክፈተለይ" ኢሉ ክጽሊ ዝገበሮ ከኣ እግዚኣብሄር ኣብ ሕጉን ኣብ ቃሉን ዝግለጽ ኣምላኽ ስለዝኾነ እዩ (መዝ 119፡18)። "ምኽፋት ቃልካ የብርህ" ከምዝተጻሕፈ ናብ ቃል እግዚኣብሄርን ናብ ጸሎትን ከየድሃብና ንእግዚኣብሄርን ነቲ ናቱ ዝኾነ ኵሉን ክንርኢ ኣይከኣልን እዩ (መዝ 119፡130)።

ጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ንደቀ መዛሙርቱ "ነቦ ርኢኹምዎ ኣሎኹም" ኢልዎም ክነሱ ፊሊጶስ "ነቦ ኣርእየና እሞ ይኣኽለና" ኢሉ ንልቢ ጐይታ ዝሰብር ሕቶ ሓተተ። ጐይታ፡ "እዚ ኵሉ ዘመን ምሳኻትኩም ክነብርሲ ኣይትፈልጠንንዶ ኢኻ፡ ንዓይ ዝረኣየ ነቦ ረኣየ" ብምባል ንእግዚኣብሄር ኣቦ ብኸመይ ከምዝረኣዮ ገለጸሉ (ዮሃ 14፡8-10)። ክርስቶስ እቲ ስጋ ዝለበሰ ቃል እዩ። ስለዚ ነቲ ስጋ ዝኾነ ቃል ኣምላኽ ከነንብብን ክንርእን እንተ ዘይክኢልና ንእግዚኣብሄር ክንርኢ ኣይከኣልን እዩ። እቲ ቃል ስጋ ኮነ ጸጋን ሓቅን መሊእዎ ከኣ ኣባና ሓደረ። ክብረቱ ከም ክብረት ሓደ ወዲ ነቦ ረኣና።" ዝብል ቃል ተጻሒፉ እዩ (ዮሃ 1፡14)።

ነህምያ ኣብ ታሪኽ ክርስትና ዝዓበየ ናይ ራእይ ሰብ ምዃኑ ዝንገረሉ (ዝዝረበሉ) ሰብ እዩ። እቲ ናይ የሩሳሌም ናይ ዕንወት ዜና ምስ ሰምዐ ኣይኮነን ራእይ ዝረኣየ ወይ'ውን ኣብ ዝባን ኣድጊ ተወጢሑ ንዝፈረሰ መንደቕ የሩሳሌም ምስዞረ ኣይኮነን ንየሩሳሌም ናይ ምህናጽ ራእይ ዝተቐበለ። ነህምያ ዜና የሩሳሌም ምስ ሰምዐ ራእይ ዘይኮነስ ዓሚቝ ጓሂ እዩ ተቐቢሉ። ነዚ ጓሂ እዚ ተሸኪሙ ግን ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ከይዱ ንኣርባዕተ ኣዋርሕ ዝኣክል ኣብ ቅድሚኡ ብንብዓት ይጽልን ይምህለልን ነበረ። ዝሓለፈ ሓጢኣት ኣቦታቱ ኵሉ ተራእይዎ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ተማህለለ። ነዚ ናይ ኣቦታቱ፡ ሓጢእት ካብ ቅዱሳት ጽሑፋት ደኣ

እምበር ብዓይኑ ዝረኣዩ ፍጻሜ ኣይነበረን። ብጸሎትን ብቓሉን ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ኮይኑ፡ ልቢ ኣምላኽ ብምንታይ ተሳዒኡ ከምዘሎ ዘስተውዓለ ሰብ እዩ። ስለዚ ከኣ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ንምንባዕን ንምምብርካኽን ዝኸውን ሓይሊ ረኸበ (ነህ 1፡1-11)። መንደቕ የሩሳሌም ጸኒዑ ንኽነብር ቅድሚ እምኒ ኣልዒሉ ምንዳቑ ንሓጢኣት የሩሳሌም ኣልዒሉ ብንስሓ ክድርብዮ ከምዘለዎ ዘስተውዓለ ካብ ቅዱሳት ጽሑፋትን ካብ ጸሎትን እዩ። የሩሳሌም ናይ ምንዳቕ ራእይ ክሳብ እቲ "እንታይ ክገብረልካ ትደሊ፧" ዝብል ሕቶ ናይቲ ንጉስ ዝሰምዕ ኣብ ልቡ ኣይነበረን (ነህ 2፡1-6)።

ብተመሳሳሊ መገዲ ነብዩ ዳንኤል ሓጢኣት ኣቦታቱ እናጠቐሰ ምእንቲ ሓጢኣቱን ሓጢኣት ህዝቡን ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ክምህለል ምስ ጀመረ እዩ መልኣኽ እግዚኣብሄር ራእይ ክህቦ ካብ ሰማያት ወሪዱ ዝተንከዮ (ዳን 9፡20-23)። ስለዚ ቅድሚ ራእይ ምድላይና ንገጽ እግዚኣብሄር ምርኣይ ክንደሊ ይግብኣና። በልዓም ኣዝዩ ግሩም ዝኾነ ራእያት ርእዩ እዩ። እንተኾነ ግን ገጽ እግዚኣብሄር ስለዘይረኣየ ካብ ንራእዩ ንገንዘብ ናይቲ ዘስድዖ ዝነበረ ንጉስ ከኽብር ከሎ ተራእዩ (ዘሁ 22፡1 - ዘሁ 24፡2)። ካብቶም ኣቐዲሞም ዝረኣዩ ግን ራእዮም ኣጽኒዖም ክሳብ መፈጸምታ ብቑዓት ኮይኖም ተረኺቦም እዮም።

## 2. <u>እግዚኣብሄር ንዝርእዮ ምርኣይ</u>

ከምቲ ኣቐዲምና ዝበልናዮ ናብ እግዚኣብሄር ምስ ጠመትና ኢና ነቲ ንሱ ዝርእዮ ክንርኢ እንኽእል። ስለዚ እቲ ናይ ራእይ ካልኣይ ደረጃ እግዚኣብሄር ንዝርእዮ ምርኣይ እዩ። ንእግዚኣብሄር ርኢኻዮ ከተብቅዕ ነቲ ንሱ ዝርእዮ ዘሎ ነገር፡ ንልቡ ዘሐጉስ ይኹን ንልቡ ዝሰብር ጉዳይ፡ ክትርኢ እንተ ዘይክኢልካ ናይ ራእይ ሰብ ንምዃን ኣይትበቅዕን ኢኻ። ስለዚ ከኣ እዩ እግዚኣብሄር ነቶም ናብኡ ዝጥምቱ ንዕኡ ዝረኣዩ ሰባት "እንታይ ትርኢ ኣሎኻ" ኢሉ ዝሓቶም ዝነበረ። ንኤርምያስ፡ ነቲ ምስኡ ጽቡቕ ርክብ ዝነበሮ ባርይኡ፡ እዛ "እንታይ ትርኢ ኣሎኻ፧" ትብል ሕቶ ምስ ሓተቶ ዝረኸቦ መልሲ ንልቢ እግዚኣብሄር ማዕረ ክንደይ ከም ዘሐጎሰቶ ንምርኣይ ዘጸግም ኣይኮነን። እግዚኣብሄር ነታ ንሱ ዝረኣያ ዝርእየሉ ባርያ ምስ

ረኺበ “ጽቡቕ ርኢኻ” ኢሉ ብምምጓስ፡ ማዕረ ክንደይ ከምዝዓገበ ንምርግጋጽ ድማ ትርጉም ናይቲ ዝረኣዮ ራእይ ንኤርምያስ ክገልጸሉ ከሎ ንርኢ (ኤር 1፡11-16)። ሄዋን ኣዒንቲ እግዚኣብሄር ኣብታ ኦም ህይወት ተተኺለን ከምዘለዋ እናረኣየት ንሳ ግን ኣዒንታ ካብ ኦም ህይወት ኣልዒላ ናብታ ጽቡቕን ክፉእን እትፍልጥ ኦም በለስ ምስ ጠመተት ንልቢ ኣምላኽ ዝሰብር ንርእሳን ንዓለምን ድማ ዝጐድእ ስጉምቲ ንምኻድ ከምዝደፈረት ካብ ቅዱሳት ጽሑፋት ንርእዮ ኢና (ዘፍ 3፡1-8)። ስለዚ ኣዒንትኻ እግዚኣብሄር ንዝርእዮ ምስዝርእያ ኵለንትናዊ ጥዕና ክህልወካ ከምዝገብር እዚ ንርእሱ ዓቢ ትምህርቲ እዩ።

እዮብ ናብቲ እግዚኣብሄር ዝርእዮ እምበር ናብ ከንቱ ነገር ምእንቲ ከይርኢ ምስ ኣዒንቱ ኪዳን ኣትዩ ነበረ (እዮ 31፡1)። ንሕናʼውን ከምዚ ዝበለ ኪዳን ክንኣቱ ይግብኣና። እግዚኣብሄር ዝርእዮ እንተዘይረኣና ንእግዚኣብሄር፡ ንርእስና ኮነ ንኻልእ ሰብ ዝጐድእ ስጉምቲ ንምውሳድ ዝዓግተና ነገር ኣይክህሉን እዩ። ሃዋርያት፡ እታ ሓጥእ ሰበይቲ ኣዝዩ ክቡር ዝኾነ ቅዱይ ቅብኢ ከተፍስስን ክትቀብኦን ከላ ምስተዓዘቡ ጐይታ በቲ ተግባር ተሓጒሱ እናረኣዩ ክነሶም ንሳቶም ግን ክናደዱ ከለው ተራእዮም። ሓደ ዓይነት ቅብኢ ሓደ ዓይነት ተግባር ሓንቲ ዓይነት ሰበይቲ እናረኣዩ ክነሶም ምስ ጐይታ በበይኑ ዓይነት ስምዒት ካብ ዝፈጥረሎም ኣብ ኣረኣእያኦም ፍልልይ ከም ዝነበረ ክነስተውዕል ንኽእል። ጐይታ በረኣእያኦም ስለዘይተሓጐሰ ከኣ “ኣይተጉህይዋ” ኢሉ ክገንሖም ከሎ ተራእዩ (ማቴ 26፡6-13)። ጐይታ ዝርእዮ ዘይምርኣዮም ንርእሶም ተቘጢዖም ንልቢ እታ ሰበይትን ንልቢ ጐይታን ኣጉህዮም። ስለዚ ኣብቲ ንርእዮ ነገር ጥንቁቓት ክንኸውን የድልየና።

## 3. እግዚኣብሄር ከምዝርእዮ ጌርካ ምርኣይ

ንእግዚኣብሄርን እግዚኣብሄር ንዝርእዮን ምስ ረኣኻ ናብ ምሉእ ራእይ ንምብጻሕ ሓያሎ ስጉምቲ ኬድካ ኣሎኻ ማለት እዩ። እንተኾነ እቲ ዝዓበየን ደምዳምን ነጥቢ ተሪፉካ ኣሎ። ንሱ ከኣ ነቲ ንስኻን እግዚኣብሄር እትርእይዎ ዘለኹም ነገር ብሓደ ዓይነት ኣረኣእያ ምርኣይ እዩ። ነቲ እግዚኣብሄር ዝርእዮ ዘሎ ነገር ወይ ኵነት ከምቲ እግዚኣብሄር ዝርእዮ ዘሎ ጌርካ ምርኣይ ዝተማልአ ራእይ ይህበካ። ብዙሓት

ሰባት ንሓደ ዓይነት ፍጻሜ ብሓደ ኮይኖም እናረኣዩ ክነሶም ኣረኣእይኦም ዝተፈላለየ እዩ። ንገሊኦም ጽቡቕ ኮይኑ ክረኣዮም ከሎ ንገሊኦም ከኣ ሕማቕ ኮይኑ ይረኣዮም። ኣብ ሕብሪ፡ ኣብ መጠን፡ ኣብ ስምዒት ዘሎና ሚዛን፡ ኣረኣእያና ኣዝዩ ዝተራሓሓቐ እዩ።

ከምዚ ዝተጠቕሰ ዓይነት ፍልልይ ምስ እግዚኣብሄር ምስ ዝህልወና ግን ዝንቡዕ ራእይ ጥራይ እዩ ክህልወና ዝኽእል። ከም ኣብነት ክኾነና እቲ ኣብ ዮሃ 4፡35-37 ተጠቒሱ ዘሎ ሓሳብ ምርኣይ ይከኣል። ጐይታ ንሃዋርያት፡ “ንስኻትኩም ንቐውዒ ገና ኣርባዕተ ወርሒ ተርፍዎ ትብሉ ኣየለኹምን፡ ኣዒንትኹም ቋሕ ኣብሉ እሞ ምድሪ ድሮ ንዓጺድ ከምዝጻዕደወት ኣስተብህሉ” በሎም። ዝርእይዎ ዘለዉ ነገር ሓደ ክነሱ ኣብቲ ኣረኣእያኦም ግን ዓቢ ፍልልይ ኣሎ። ንሳቶም ቀውዒ ክኸውን ገና ኣርባዕተ ወርሒ ዝተረፎ ኮይኑ ክረኣዮም ከሎ ጐይታ ግን ድሮ ቀውዒ ኣትዩስ ምድሪ እኳ ጻዕድያ ተራእያቶ። ኣብቲ ኣረኣእያ ካብ ተፈላለዩ ከኣ ኣብቲ ምስ ረኣዩ ዝወስድዎ ስጉምቲ’ውን ክፈላለዩ እዮም። ንሳቶም ገና እዩ ዝብል እምነት ስለዘለዎም ንምዕጻድ ክድንገዩ እዮም እቲ እኽሊ ረጊፉ ከኣ እቲ ቀውዒ ካብ ኢዶም ከምልጥ እዩ። ጐይታ ግን ሓቐኛ ራእይ ስለዝረኣየ እቲ ዝወስዶ ስጉምቲ ቅኑዕን እዋናዊ’ውን እዩ ዝኸውን።

እታ ሓጥእ ሰበይቲ ብቕዱይ ቅብኢ እግሪ ጐይታ ምስ ቀብኤት እቲ ዝወሰደቶ ስጉምቲ ንሃዋርያት ክሳራ ኮይኑ ክረኣዮም ከሎ ንጐይታ ከኣ ዓቢ ተግባር ኮይኑ ተራእዮ። ስለዚ ንሳቶም ነቒፎምዋ ንሱ ከኣ ንኢድዋ (ማቴ 26፡6-13)። ከምኡ’ውን እታ ኣብ ማእከል ገነት ዝነበረት ክፉእን ጽቡቕን እተፍልጥ ኦም ብዓይኒ ኣምላኽ ኣዝያ ክፍእቲ ክትከውን ከላ ብዓይኒ ሄዋን ግና ንምርኣያ ጽብቕቲ ከይተብልዔት ምቅርቲ ኮይና ተራእየታ። ስለዚ ከኣ ኢዳ ዘርጊሓ ክትበልዕ ኣይተሰከፈትን (ዘፍ 3፡1-8)።

ካብዚ ኵሉ ኣብነታት ዋላ እኳ ነቲ እግዚኣብሄር ዝርእዮ ድኣ ትርኢ ሃሉ እምበር ከምቲ ንሱ ዝርእዮ ጌርካ እንተዘይረኣኻ ራእይካን ኣገልግሎትካን ምስ ኣምላኽ ዝዳፋእ ድኣ እምበር ንኣምላኽ ዘስምር ከምዘይከውን ክንርዳእ ንኽእል። ስለዚ

# ራእይ

**ራእይና ግሩምን ምሉእን ምእንቲ ክኸውን ኣብ ኣረኣእያና ጥንቁቓት ክንከውን የድሊ። ከም ኤርምያስ ነቲ ሕማቕ ከም ሕማቕ ነቲ ጽቡቕ ከኣ ከም ጽቡቕ እነለልየሉ ጸጋ ካብ እግዚኣብሄር ንለምን** (ኤር 24፥1-10)።

## ዓይነት ራእይ

ብሓፈሻ ንምልእቲ ዓለም ዝተዋህበ ራእይ ሓደ እዩ። ንሱ ከኣ ጐይታ ኣብቲ ናይ መወዳእታ መዓልትታቱ ንሃዋርያት ኣሰኪምዎም ዝኸደ ራእይ እዩ። ንሱ ድማ እቲ "ደቂ መዛሙርተይ ግበርዎም" ዝብል ትእዛዝ እዩ (ማቴ 28፥19-20)። ኣብ ኣተገባብራ ናይዚ ራእይ ዝተፈላለየ ጥበብ (ሜላ ወይ እስትራተጂ) ክንጥቀም ይከኣል ይኸውን። ነዚ ራእይ እዚ ግን ካልእ መተካእታ ከነምጽኣሉ ፈጺሙ ዝከኣል ኣይኮነን። ካብቲ ንኹሉ ክርስቲያን ናይ ዓለም ዝተዋህበ ዓቢ ራእይ ነፍሲ ወከፍ ከባቢያዊት (ዞባዊት ሰበኻ) ቤተ ክርስቲያን፡ ነፍሲ ወከፍ ናይ ኣገልግሎት ጉጅለ፡ ከምኡ'ውን ነፍሲ ወከፍ ክርስቲያን ነናቱ ግደ ካብቲ ራእይ ከልዕል ይግብኦ። ካብቲ ዓቢ ጾር ከክፍልና እንተ ዘየልዒልና እቲ ጐይታ ዝሃበና ዓቢይ ራእይ ናብ መፈጸምታ ክበጽሕን ክትግበርን ኣይክእልን እዩ። ስለዚ ነቲ ዓቢይ ራእይ ናብ ሰለስተ ዓይነት ራእይ ክንከፍሎ ይክኣል። ንሱ ከኣ፦

1. ሓፈሻዊ ራእይ
2. ናይ ጉጅለ ራእይ
3. ናይ ግሊ ራእይ

### 1. ሓፈሻዊ ራእይ

እዚ ራእይ እዚ ሓንቲ ናይ ሰበኻ ቤተ ክርስቲያን ወይ ከኣ ዞባዊት ቤተ ክርስቲያን ዝሀልዋ ራእይ እዩ። ነቲ "እናመሃርኩም ደቀ መዛሙርተይ ግበርዎም" ዝብል ራእይ ኣብቲ ዘላቶ ከባቢ ንዝነብር ህዝቢ ኣብቲ ጐይታ ዝሃባ ጊዜ ከመይ ገይራ ክትትግብሮ ከምእትኽእል ኣስተውዒላ እትልዕሎ ግዲኣ ዝኾነ ራእይ እዩ (ማቴ 28፥19-20)። ንኣብነት ሃዋርያ ጳውሎስ ኣብታ ኣብ ኤፌሶን ዝነበረት ቤተ ክርስቲያን ሰለስተ ዓመት ምሉእ መዓልትን ለይትን ብነፍሲ ወከፍ ደረጃ እናመዓደ "ኵሉ ምኽሪ ኣምላኽ" ሓንቲ ከየትረፈ መሃሮም። እዛ ጳውሎስ ዝመራሒኣ ቤተ ክርስቲያን ከምዚ ዓይነት ኣገልግሎት ክትፍጽም ብምኽኣላ ክርስትና ኣብታ ዝዓበየት ጣኦት ዝነበረታ ከተማ ዓቢ ፍረ ከምዘስዓበ ኵላትና እንፈልጦ እዩ። ሓንቲ

ቤተ ክርስቲያን ጊዜ ከይወሰና ለይትን መዓልትን ንዓመታት ዝኣክል ዝዝርጋሕ "ኵሉ ምኽሪ ኣምላኽ" ሓንቲ ከየትረፈት እሞ ከኣ ንነፍሲ ወከፍ ኣማኒ ዝበጽሕ ናይ ምምሃር ኣገልግሎት ክህልዋ ይግባእ (ግብ 20፡25-32)። ኣብ ከምዚ ዓይነት ዓቢ ራእይ ነፍሲ ወከፍ ጉጅለ ይኹን ውልቀ ሰብ አእጃሙ እናልዓለ ክዓዪ ይግባእ።

## 2. ናይ ጉጅለ ራእይ

ካብቲ እታ ቤተ ክርስቲያን ዘለዋ ራእይ፡ እቲ ኣብ ውሽጣ ዘሎ ጉጅለታት ናቱ ወይ ከኣ ግዲኡ ዝኾነ ራእይ ክወስድ ይግባእ። እንተኾነ፡ ኣብ ትሕቲ ጽላል ሓንቲ ቤተ ክርስቲያን ኮይኑ ዘገልግል ጉጅለ፡ ካብቲ እታ ቤተ ክርስቲያን ዘለዋ ራእይ ካልእ ዝተፈልየ ራእይ ሒዙ ክዓዪ ኣይግባእን እዩ። ኣብ ውሽጢ ሓንቲ ቤተ ክርስቲያን ዝሕቆፉ ዝተፈላለየ ኣገልግሎት ዘለዎም ብዙሓት ጉጅለታት ከምዘለዉ ግሁድ እዩ። ዝተፈላለየ ኣገልግሎት ዘለዎም ከም ምኳኖም መጠን፡ ነንኣገልግሎቶም ዝምልከት ነናይ ጉጅለኦም ጥራይ ክህልዎም የድሊ። ሓደ ናይ መዘምራን ጉጅለ፡ ነቲ ህዝቢ ብመዝሙሩ ገይሩ ብምግልጋሉ ክፍጽሞ ዝደለየ ራእይ እንታይ ምኳኑ ከነጽር ይግብኦ። ንኣብነት እቲ ብሃዋርያት ዝተመዘዘ፡ ኣብ መንጎ መበለታት ንዝነበረ ኣድልዎ ኣጥፊኡ ብግቡእ እንጌራ ክመቅል ዝተመስረተ ጉጅለ ምውሳድ ይከኣል እዩ። እዚ ጉጅለ እዚ መንፈስን ጥበብን ብዝመልኦም ሰባት ዝቖመ፡ ብሃዋርያትን ብምእመናንን ዝተመርጸ ጉጅለ እዩ። ነቲ ተመዚዙሉ ዝነበረ ዕዮ ንጹር ዝኾነ ራእይ ከምዘለዎ ዘይከሓድ እዩ። እቲ ናይ ሃዋርያት ጉጅለ ከኣ ጸሎትን ኣገልግሎት ቃል ኣምላኽን ከየብኮረ ይፍጽም ነበረ (ግብ 6፡1-6)።

## 3. ናይ ግሊ ራእይ

ኣብ ውሽጢ ሓንቲ ጉጅለ ናይ ሓንቲ ቤተ ክርስቲያን ተጠርኒፉ ዘገልግል ግለሰብ፡ ካብቲ ንጉጅለኡ ዘለዋ ራእይ ናቱ ግዲኡ ዝኾነ ራእይ ከልዕል ይኽእል፡ ወይ'ውን ኣብ ጉጅለ ዘይተጠርነፈ ግለሰብ ኮይኑ ብውልቁ ኣብ ውሽጢ እታ ዓባይ ቤተ ክርስቲያኑ ኮይኑ ክፍጽሞ ዝደሊ ራእይ ክህልዎ ይኽእል። ወይ'ውን ኣምላኽ ኣብ

ልቡ እንተ ኣንበረሉ ኣብ ልዕሊ እቲ ንጉጅለኡ ዘለዎ ራእይ፡ ካልእ ተወሳኺ ራእይ ክህልዎ ይኽእል። ነዚ ኣብነት ዝኾነና ከኣ እስቲፋኖስ እዩ። ኣብ ርእሲ እቲ ቤተ ክርስቲያን ዝሃበቶ ጾር ኣብ ኣደባባይ ብትብዓት ወንጌል ናይ ምስባኽ ጾር ካብ መንፈስ ቅዱስ ተቐቢሉ ነበረ (ግብ 6፡8-10)።

ካብቶም ከም ግለሰብ ናይ ገዛእ ርእሶም ዝኾነ ንጹርን ዓብይን ራእይ ሒዞም ዝኸዱ ሰባት ነህምያን ጳውሎስን ምጥቃስ ይከኣል እዩ። ናይ ግሊ ራእይና ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ከም ዝግባእ እንተሒዝናዮ ከኣ ናይ ምሉእ ህዝቢ ራእይ ክሳዕ ዝኸውን ክዓቢ ይኽእል እዩ። ንኣብነት ናይ ነህምያ ግሉጽ ራእይ፡ ናይ ምሉእ ህዝቢ ይሁዳ ራእይ ክሳዕ ዝኸውን ዓብዩሉ እዩ።

## ባህርይ ራእይ

ራእይ ከም ኵሉ ካልእ ነገር ክልለየሉ ዝግባእ ባህርይ ክህልዎ ናይ ግድን እዩ። ሓደ ራእይ ከም ራእይ ክግለጽ (Define) እንተ ኾይኑ ክልለየሉ ዝኽእል ኣርባዕተ ባህርያት ኣለውዎ። ብዘይ እዚ ግሉጽ ባህርይ ሓደ ሰብ ንራእዩ ክዓይየሉ ኣዝዩ እዩ ዝኸብዶ። ብዙሓት ኣገልገልቲ ጽቡ`ቕ ከገልግሉ ምስ ጸንሑ፡ ገለ ዕንቅፋት የጋጥሞም እሞ ንጹር ባህርይ ዘለዎ ራእይ ሒዞም ስለ ዘይብገሱ ዝገብርዎ ጠፊእዎም ክደናገሩን ክዕንቀፉን ከለዉ ይረኣዩ።

### 1. ራእይ ቃል ኣለዎ

ናይ ኵሉ ነገር መጀመርታ ቃል እግዚኣብሄር እዩ (ዮሃ 1፡1-2)። ኵሉ ብቓል እግዚኣብሄር እዩ ተፈጢሩ። ኵሉ ድማ ብቓሉ ጸኒዑን ቀይሙን ይነብር ኣሎ (እብ 1፡2-3)። ስለዚ ብዘይ እቲ ምንጭን መሰረትን ናይ ኵሉ ነገር ዝኾነ ቃል ኣምላኽ ራእይ ኣሎ`ኒ ኢልካ ምብጋስ ኣይከኣልን እዩ። ኵላቶም ጻውዒቶም ኣኽቢሮም ንኣምላኽ ዝሰዓቡ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስና እንረኽቦም ናይ ራእይ ሰባት ንህይወቶምን ንኣገልግሎቶምን ዝመርሕ መሪሕ ቃል ካብ ኣምላኽ ዝተቐበሉ ሰባት እዮም። ካብ ኖህ፡ ኣብርሃም፡ ያእቆብ፡ ዮሴፍ፡ ሙሴ፡ እያሱ ጀሚርካ ኵሎም ነብያትን ሃዋርያትን ንህይወቶምን ንኣገልግሎቶምን ዝመርሕ ቃል ሒዞም ይጉዓዙ ከም ዝነበሩ ቃል እግዚኣብሄር ይነግረና እዩ። ኣብ ህይወቶም ተስፋ ዘቑርጽ ኣጋጣሚታት ከጋጥሞም ከሎ ነቲ ዝተዋህቦም ቃል ተስፋ ይዝክሩ እሞ ብእኡ ይእሰሩን ይጸንዑን ነበሩ።

እቲ ቀጺሉ ክስዕብ ዝኽእል ሕቶ "እቲ ንራእይና ዝመርሕ ቃል ብኸመይ ኢና ንቕበሎ፧" ዝብል ከምዝኸውን ርዱእ እዩ። እቲ መብዛሕትና እንብህሎን ክኾነልና እንምነዮን እቲ ካብ ኣፍ እግዚኣብሄር ብቐጥታ ብዝመጽእ ድምጺ ነቲ ቃል ክንሰምዖ ብትንቢት ወይ ብሕልሚ ክግለጽ እዩ። እግዚኣብሄር ከምኡ ዝበለ ቃል ንብዙሓት ሰባት ሂቡ እዩ። ግን እቲ መገዲ ንሱ ጥራይ ኣይኮነን። እቶም ከምኡ ዝተቐበሉ እውን ዕድሚኦም ምሉእ ብኸምኡ እናተዛረበ መሪሕዎም ማለት ኣይኮነን። ስለዚ እቲ ግሉጽን ንጹርን ቃል ኣምላኽ ተጻሒፉ ኣብ ኢድና ከሎ ካብ

ሰማይ ዝኾነ ድምጺ ምጽባይ ኣድላዪ ኣይኮነን። ነቲ ቃል ኣምጺኡ ንኽንገብሮ ዘስምዓና ካብ ሰማይ ይኹን ካብ ምድሪ ከይንጽበ ኣብ ኣፍናን ልብናን ቀረባና ከም ዘሎ ቃሉ ኣነጺሩልና እዩ (ዘዳ 30፡11-14)። ስለዚ ከምቲ ክንምሃር ወይ ክንሰብኽ ከሎና "እግዚኣብሄር ምሂሩና" ክንብል እንደፍር ከምኡ ድማ ንራእይና ዝኸውን ቃል'ውን ካብቲ ብመንፈስ ቅዱስ ዝተደርሰ መጽሓፍ ቅዱስ ክንረክብ ከምእንኽእል ክንኣምን ይግባእና። ብርግጽ ንኸተንብቦ ዘመቀረካ ጥቕሲ ክትመርጽ ማለት ኣይኮነን። ከምቲ ዳዊት "ብዛዕባይ ኣብቲ ጥቕሉል መጽሓፍ ተጻሒፉ ኣሎ" ዝበለ ብዛዕባኻ ከም ዝተጻሕፈ'ውን ክትኣምን ኣሎካ (መዝ 40፡7-8)። ብጸሎትን ብጾምን እግዚኣብሄር ናብቲ መሪሕ ቃል ክመርሓካ ከምዝኽእል እሙን ሓቂ እዩ። ነብዪ ኤርምያስ ". . . ንቓል እግዚኣብሄር ወጊዶምሲ፡ ከመይ ዝበለ ጥበብ ደኣ ኹን ኣለዎም እዩ፧" ኢሉ ከም ዝተነበየ ነዚ ቅዱስ ጽሑፍ ዝበልጽ ምግላጽ ክህሉ ኢልና ክንሓስብ ኣይግባእን (ኤር 8፡9)። እቲ ዝመርሓና ቃል ምርኣይ እንተ ስኢንና "ኣብ ሕግኻ ተኣምራት ክርእስ የዒንተይ ክፈተለይ" ኢልና ክንጽሊ ይግብኣና (መዝ 119፡18)። ሓደ ካብ ነገስታት እስራኤል ብዛዕባ ቤት መቕደስን ኣገልግሎቱን ካብ ቅዱሳት ጽሑፋት ምስ ኣንበብሉ ክዳኑ ቀዲዱ ብንብዓትን ብሓድሽ ራእይን ተላዒሉ ንልቢ ኣምላኽ ዝድብስ ዓብዪ ዕዮ ዓየየ (2ዜና 34፡14-33)። ምኽንያቱ መበገስን ምንጪን ናይ ኵሉ ነገር እቲ ንዅሉ ነገር ዝፈጠረን ዘጽንዔን ቃል እግዚኣብሄር እዩ።

## 2. ራእይ ህዝቢ ኣለዎ

እቲ ንራእይና መበገሲ ዝኾነና ቃል ካብ ጐይታ ምስ ተቐበልና፡ እቲ ዝስዕብ ኣገዳሲ ሕቶ ነቲ ራእይ እቲ ኣብ መን ኢና ክንትግብሮ ዝብል እዩ ዝኸውን። ራእይካ ዝዓርፈሉን ዝትግበረሉን ህዝቢ መን ምዃኑ ከይፈለጥካ ምብጋስ፡ ከም መዕለቢኡ ከይፈለጠ ዝጎዪ ተቐዳዳማይ ወይ ምስ ንፋስ ከም ምምካት እዩ ዝቑጸር።

ጐይታ ዋላ እኳ ንምሉእ ዓለም ከድሕን ኢሉ እንተመጸ፡ ኣብተን ዝነበርኦ ውሱናት ዓመታት ኣገልግሎቱ ብፍላይ ናብ ህዝቢ እስራኤል ጥራይ ኣተኵሩ ይዓዪ ከም

ዝነበረ ካብ ቅዱሳት ጽሑፋት ምስትውዓል ይከኣል እዩ። እታ ከንኣናዊት ሰበይቲ ካብኡ ምሕረት ምስ ለመነት "ናብተን ጥፉኣት ኣባጊዕ ቤት እስራኤል ደኣ እምበር ናብ ካልእ ኣይተለኣኽኩን" ኢሉ ራእዩ ዘተግብረሉ ህዝቢ ከምዘለዎ ኣነጸረላ (ማቴ 15፡24)።

ንርእሱ ጥራይ ዘይኮነስ ንሃዋርያት መጀመርታ በብኽልተ ክልእኮም ከሎ፡ ናብ ይሁዳ ደኣ እምበር ናብ ሰማርያ እኳ (እስራኤላውያን ክነሶም) ክኸዱ ከምዘይብሎም ኣነጺሩሎም እዩ (ማቴ 10፡5-6)። ንሳምራውያን ወንጌል ዘይግብኦም ኮይኑ ዘይኮነስ ራእይ ሽቶኡ ክወቕዕ እንተኾይኑ በቲ ራእይ እቲ እተገልግሎ ህዝቢ መን ምዃኑ ኣለሊኻ ክትፈልጥ ስለዘድልየካ ጥራይ እዩ። ዋላ ንምልእታ እስራኤል ናይ ምብጻሕ ራእይ እንተልዩካ እውን፡ መጀመርታ ንየሩሳሌም ደሓር ንይሁዳ ደሓር ከኣ ንሰማርያ እናበልካ ደኣ እምበር ብሓንሳእ ክትበጽሕ ኣይከኣልን እዩ (ግብ 1፡8)።

ኣብ ዘመን ሃዋርያት እውን ሃዋርያት ኣብ ብዘላ ዓለም ተዘርጊሖም ቃል ወንጌል ክዝርግሑ ከለዉ፥ በዘፈቀደ ናብ ቃሕ ዝበሎም ዘይኮነስ ናብ ፍሉይ ዝኾነ ህዝቢ እናኸዱ የገልግሉ ነበሩ። ንኣብነት ጳውሎስ ናብ ኣህዛብ ከይዱ ከገልግል፡ ጴጥሮስ ከኣ ኣብ ህዝብታት ኮይኑ ከገልግል ተሰማሚዖም ናይ ሕብረት የማናይ ኢዶም ተወሃሂቦም ከምዝኸዱ ቃል እግዚኣብሄር ይነግረና እዩ (ገላ 2፡9)።

ንጹር ዝኾነ ህዝቢ ሒዝካ ናይ ምግልጋል ጥቕሙ ወይ ኣድላይነቱ እንታይ እዩ ኢልካ ክሕተት ይከኣል እዩ። ንሓደ ፍሉይ ህዝቢ ናይ ምግልጋል ራእይ እንተ ተቐቢልና ነቲ ባህርይን ባህልን ኣቃውማን ናይቲ ሕብረተሰብ ኣጽኒዕና ብእኡ መሰረት ንገዛእ ርእስና ኣዲብና ክንዓዪ ስለዝሕግዘና እዩ። ሃዋርያ ጳውሎስ ከምቲ ኣብ መንጎ ኣህዛብ ኮይኑ ዘገልግለሉን ዝሰብከሉን ዝነበረ ኣገባብ ጌሩ ኣብ ምድሪ ይሁዳ ክሰብኽ ኣይክእልን እዩ። ስለዚ ከኣ እቶም ምርኡያት ሃዋርያት፡ ዋላኳ በቲ ምርኡይ ኣገልግሎቱ ሕጉሳት እንተኾኑ፡ ናብኦም ምስ መጸ ግን እቲ ንሱ ዘይሰብከሉ ዓይነት መገዲ ጌሩ ክመላለስ ተማሕጸዎ (ግብ 21፡17-26)።

ጐይታ ብሓፈሻ “ሰብ” ተባሂሉ ንዝጽዋዕ ፍጡር ንኸገልግል ምስ ወሰነ ኣምላኽ ክነሱ መልክዕ ባርያ ወሲዱ “ሰብ” ኮነ። ሰብ ከይኮነ ስጋ ከይለበሰ ፈጺሙ ከድሕን ስለዘይክእል ኮይኑ ኣይኮነን። ግን በቲ ኣምላኻዊ ፍልጠቱ ንሰብ ሰብ ኴንካ ምድሓን ዝበለጸ ኮይኑ ተራእዮ። ነዚ ከኣ ብመንጽር ኣምላኽነቱ ዘይኮነስ ብመንጽር ሰብ ምስ ጠመቶ እዩ። ሰብ ንላዕሊ ምባል ምስ ሰኣነ እቲ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ኣምላኽ ናብ ታሕቲ ትሕት ኢሉ ነቲ ዝወደቐ ከልዕል ነበሮ።

ቅድሚ ምግላጽ ናይ ክርስቶስ ኣብ ብሉይ ኪዳን ምልስ ኢልና እንተ ተዓዘብናውን ኣምላኽ ነቲ ዝወደቐ ኣዳም ብምሉኡ ንኽልዕሎ ምስ ወሰነ፡ መጀመርታ ሓደን ፍሉይን ህዝቢ ክምዝመረጸ ንርኢ። እቶም ካልኦት ዘየድልይዎ ኮይኖም ኣይኮነን። እንተኾነ ንዅሉ ዓለም ዝበጽሓሉ መገዲ ንምጽራግ ነቲ ፍሉይ ህዝቢ እስራኤል ከምዝተጠቐመ ክነስተውዕል ንኽእል (ዘዳ 14፡2)።

ሎሚ’ውን ከነገልግል ከሎና ነየናይ ዓይነት ህዝቢ ንምግልጋል ራእይ ከምዝተቐበልና ርእስና ክንሓትት የድሊ።

## 3. ራእይ ቦታ ኣለዎ

ሓደ ራእይ ህዝቢ እንተልይዎ፡ ቦታ ክህልዎ ከኣ ናይ ግድን እዩ። እቲ ቦታ ድማ እቲ ህዝቢ እቲ ዝነብረሉ ቦታ ከምዝኾነ ግሉጽ እዩ። እቲ ኣብ ሰማያት ዝማሕደሩ፡ ብኪሩቤልን ሱራፌልን ተኸቢቡ ዝነብር ዝነበረ እግዚኣብሄር ወልድ ኣብ ህዝቢ እስራኤል ዝትግብሮ ራእይ ስለዝነበሮ፡ ናይ ግድን ኣብ ማእከል እስራኤል ክነብር ኣድለዮ።

ሃዋርያት’ውን ናቱ ኣሰር ተኸቲሎም ናይ ራእዮም ህዝብን ቦታን ኣስተውዒሎም። ብዙሕ ዋጋ እኳ እንተ ሓተቶም፡ ኣብታ ቦታ እናተረኸቡ፡ ኣገልግሎቶም እናፈጸሙ ነቲ መከራ ብሓጐስ ክቕበልዎ ከለዉ ተራእዮም እዮም (ግብ 6፡9፣ ግብ 9፡2፣ ግብ 13፡5,14፣ ግብ 14፡1,10,17፣ ግብ 18፡4፣ ግብ 19፡8፣ እብ 10፡25)። ከምቲ “መንፈስ ገዛኢ ኣብ ርእስኻ እንተተላዕለ፡ ትዕግስቲ ዓብዩ ኣበሳ ተህድእ እያ እሞ

ስፍራኻ ኣይትሕደግ" ዝብል ቃል ተዋሂቡና ዘሎ፡ ናይ ራእይ ቦታና ኣጽኒዕና ክንሕሉ ይግባእ (መክ 10፡4)። ምናልባት ተስፋ ዝህብ ኵነታት ከይንርኢ ንኽእል ንኸውን። ክርስቲያን ግን ከም ኣቦና ኣብርሃም ተስፋ ኣብ ዘይብሉ ብተስፋ ንምእማን ዝተጸውዐ ኣገልጋሊ እዩ (ሮሜ 4፡18)። ከምቲ ነብዪ ዝበሎ፡ ዋላኳ ተስፋ ዝህብ ደበናን ንፋስን እንተዘይረኣና ኣብታ ቦታና ጉድጓድ ኣብ ርእሲ ጉድጓድ ክንኲዕት ይግብኣና። ምኽንያቱ ከኣ እግዚኣብሄር ሓደ መዓልቲ ነቲ ኣብ ቦታና ኲንና ዝኾዓትናዮ ጉድጓድ ማይ ክመልኦ እዩ (2ነገ 3፡16-20)። እቲ ሶቭየት ኣይጠቕመንን እዩ ኢላ ንኣሜሪካ ዝሸጠትላ መሬት (ኣላስካ) ሎሚ ንኣሜሪካ እቲ ዝዓበየ ናይ ሃብቲ ምንጪ ኮይኑላ ኣሎ። ሎሚ ትርጉም የብሉን ዝበልናዮ ቦታ እግዚኣብሄር ብዘገርም መገዲ ዝዓይየሉ ቦታ ከምዝኸውን ኣይንዘንግዕ።

## 4. ራእይ ጊዜ ኣለዎ

እዚ ንጹር ቃልን ህዝብን ቦታን ዘለዎ ራእይ ዝትግበረሉ ናይ ጊዜ ሰሌዳ ከምዘሎውን ክንክሕድ የብልናን። እቲ ራእይ ናይ እግዚኣብሄር ምኳኑ እንተኣሚንናሉ እግዚኣብሄር ብምዱብ ጊዜ ደኣ እምበር ብሃንደበት ወይ ብኣጋጣሚ፡ ከምዘይዓዪ ከኣ ከነስተውዕል ይግብኣና። ስለዚ ራእይና ክንፍጽመሉ እንኽእል ውሱን ጊዜ ተሰሪዑልና ከምዘሎ ፈሊጥና ብመደብን ብጥንቃቐን ክንዓዪ የድሊ።

ጐይታ ኢየሱስ ኣብ ምድሪ ዝዓየለን ጊዜ ክንደይ ምኳነን ስለዝፈልጥ፡ ለይትን መዓልትን ከይበለ ብተወፋይነት ውጽኢታዊ ዝኾነ ዕዮ ዓይዩ ናብ ኣቡኡ ተመልሰ። ናቱ ጊዜ ሰለስተ ዓመትን መንፈቕን እየን። እተን ክሰርሓለን ዝክእል መዓልትታት ከይተወድኣ ከለዋ ግብሪ ናይቲ ዝለኣኾ ፈጺሙ ተፋነወ (ዮሃ 17፡4)። ምኽንያቱ ሓደ እኳ ክዓየሉ ዘይክእል ናይ ጸልማት ለይቲ (ሞት) ጊዜ ይስዕብ ስለዝነበረ እዩ (ዮሃ 9፡4)። ኵሉ ጊዜ ክዛረብ ከሎ "ጊዜይ ኣይኣኸለን፡ እታ ጊዜ በጺሓ" እናበለ ይጠቅስ ነበረ (ዮሃ 17፡1-2፣ ዮሃ 11፡41፣ ዮሃ 7፡6,30፣ ማቴ 26፡18)።

ሃዋርያት'ውን ዝዓይዩሉ ጊዜን ዝሰናበቱሉ ጊዜን ፈሊጦም ንራእዮም ኣብ ጊዜኦም ክትግብሩ ይቃለሱ ከምዝነበሩ ንርኢ። ብፍላይ ጳውሎስ ራእዩ ከምዝግባእ ፈጺሙ፡ ጉያኡ ከምዝወድአ ጽቡ'ቕ ገድሊ እምነት ተጋዲሉ ከምዝተዓወተ እሞ ኣኽሊል ዓወት ይጽበ ከምዝነበረ ክሳዕ ዝዛረብ ክሳዕ ክንድዚ ኣብ ጊዜኡ ዝተጠ'ቐመ ሰብ ነበረ (2ጢሞ 4፡6-8)። ስለዚ ከኣ ንጢሞቴዎስ ጊዜ ኣሎኒ ኢሉ ን'ኸይዘናጋዕ ኣብ ጊዜኡን ዘይግዜኡን ክገንሕን ክምዕድን ክቖጽዕን ምዒድዎ ከደ (2ጢሞ 4፡1-4)። ጳውሎስ ራእዩ ዝትግብረሉ ልዕሊ 30 ዓመት ዝ'ኸውን ጊዜ ነይርዎ። ብመንጽሩ ከኣ ራእዩ ዝትግብረሉ ህዝብን ቦታን ከኣ ኣዝዩ ሰፊሕ (ምልእቲ ኤስያ) ከምዝነበር ክነስተውዕል ይግባእ።

ንሕና'ውን ደጌና ዝተ'ኸፍተሉ ጊዜ ኣለሊና ብግቡእ እንተ ዘይተጠቒምናሉ ክንሕተተሉ ምኽንና፡ ከም ጉሒላ ናይ መስኮት ምርጫ ጥራይ ከምዝተረፈና ክነስተውዕል የድሊ። ቃልና ብግቡእ ጊዜ እንተ ዘይተዘረቡ፡ ተግባርና ብግቡእ ጊዜ እንተዘይተፈጺሙ ከምተን ሓሙ'ሽተ ዓያሱ ደናግል ናብ ልመናን ናብ ዕዳጋ ተጓዪ'ኻ ዘይቲ ሒዝካ መጺእካ ክነስ'ኻ ግን ጊዜኡ ዝሓለፎ ጸሎትን ጻዕርን ኮይኑ ንዕጽው ማዕጾ ንም'ኽፋት ከም ምጽዓት እዩ ዝቑጸር (ማቴ 25፡1-13)።

ምናልባት እቲ ጊዜ ከመይ ጌርና ንፈልጦ ክንብል ዝከኣል እዩ። እቲ ጊዜን ሰዓትን ናይ ምፍላጥ ናይ እግዚኣብሄር እዩ (ግብ 1፡6-7)። ብቐንዱ እቲ ራእይን ህዝብን ቦታውን ካብኡ ኢና ተቐቢልናዮ። ስለዚ ናብቲ ንጊዜ ዝምድብ ኣምላ'ኽ ምስትውዓል ክህበና ክንጽሊ እቲ ቀዳማይ ምስትውዓል እዩ። ካልኣይ ከኣ እቲ ኵነታት ኣስተውዒልና ነቲ ጊዜ ክንመዝን የድሊ። ኦም በለስ ክትጥጥዕ ምስ ጀመረት ናይ ክረምቲ ጊዜ ከምዝቐረበ ከምዝርድኣና፡ እቲ ዘሎናዮ ህልዉ ወይ ወድዓዊ ኵነታት ብምዕዛብ ነቲ ጊዜ ክንመዝኖ ይግብኣና (ማቴ 24፡32-33)። ጐይታ ንፈሪሳውያን ዝነቐፈሉ ዓብዪ ነጥቢ እንተነይሩ ገጽ ሰማይ ምፍላይ እናፈለጡ ክነሶም ትእምርቲ ዘመናት (ጊዜኦም) ክፈልዩ ዘይም'ኽኣሎም እዩ (ማቴ 16፡2-3)።

## ምንጪ ራእይ

ራእይ ዝምንጭወሉ ካብ ምንታይ ከምዝኾነ ምስትውዓል ኣድላዪ እዩ። ናይ ኵሉ ነገር ምንጪ እግዚኣብሄር እኳ እንተኾነ እግዚኣብሄር ነቲ ዝደልዮ ነገር ዘመንጭወሉ ንሕናን ህዝብናን ከባቢናን ምኳኑ ክንዝንግዕ ኣይግባእን። ስለዚ ራእይ ክምንጭወሉ ዝኽእል ሰለስተ ነጥብታት እዚ ዝስዕብ እዩ፡

1. ንእግዚኣብሄር ምፍላጥ
2. ንርእስኻ ምፍላጥ
3. ንህዝብኻ ምፍላጥ እዩ

### 1. ንእግዚኣብሄር ምፍላጥ

ከምቲ ኣቐዲምና ዝረኣናዮ፡ ምንጪን መበቆልን ናይ ኵሉ ነገር እግዚኣብሄር እዩ። ስለዚ ቅድሚ ብዛዕባ ራእይና ምሕሳብና ብዛዕባ እቲ ራእይ ዝህብ ኣምላኽ ክንሓስብን ኣዚና ክንፈልጥን የድሊ። ምኽንያቱ ነቲ ርእዩ ዘርኢ ኣምላኽ ከይፈለጥካ ነቲ ራእይ ጥራይ ምግዳስ ትርጉም ስለዘይህልዎ እዩ።

ንእግዚኣብሄር ምፍላጥ ክንብል ከሎና ግን ነቲ ናይ ኣእምሮ ፍልጠት ዘይኮነስ ነቲ ናይ ልምምድ ፍልጠት ማለትና እዩ። መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባ ኣምላኽ ዝብሎ ምፍላጥን፡ ነቲ መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባ ኣምላኽ ዝገልጾ ሓቂ ኣብ ህይወትካ ሓቂ ምኳኑ ምጥዓምን ኣዝዩ ዝተረሓሓቐ ዓይነት ፍልጠት ከምዝኾነ ክንስተውዕል ይግብኣና። እቲ ከም ውልቀ-ሰባት ምስ ኣምላኽ ዘሎና ሕብረት ክይጠዓየ፡ ከም በዓል ራእይ ኬንካ ምስ ኣምላኽ ብሕብረት ምዕያይ ዘይከኣል እዩ። ነዚ ኣብነት ዝኾነና በልዓም እዩ። በልዓም ኣዝዩ ዓብይ ናይ ራእይ ሰብ እዩ ነይሩ። ነቲ ራእዩ ንነኺ ሓዲግካ ምስ ኣምላኽ ዝነበሮ ውልቃዊ ሕብረት ክትርእዮ ከሎኻ ግን ኣዝዩ ርሑቕ ከምዝነበረ ከተስተውዕል ይከኣል። ኣብ መወዳእታ እናረኣየ ዝያረ ሰብ ኮይኑ ስለዝተረኽበ መፈጸምትኡ ከምዘይጸበቐ ቅዱስ መጽሓፍ ይነግረና እዩ (ዘሁ 22፡1፣ ዘሁ 24፡2)።

እቲ ካልእ ከነስተውዕሎ ዘሎና ነገር ንእግዚኣብሄር ክንፈልጠሉ እንኽእል መገዲ ንቓሉ ከምዝግባእ ብምምርማር እዩ። እግዚኣብሄር ዝርእዮ እንታይ ምዃኑ፡ እግዚኣብሄር ንመን ራእዩ ከምዝገልጸሉ፡ ከመይ ገይሩ ከምዝገልጸሉ ወዘተ ክንፈልጥ እንኽእል ካብቲ ንምህሮና ኢሉ ዝተጻሕፈ ቅዱስ ጽሑፋት እዩ። እዚ ከኣ ንሕና ከም ናይ ራእይ ሰባት ኬንና ንምዕባይ ከም ዝረድኣና ክንፈልጥ ይግባእ። ካብቶም ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ተጠቒሶም ዘለዉ ናይ ራእይ ሰባት ብዛዕባ እግዚኣብሄር ዝነበሮም ፍልጠትን ርድኢትን ብዙሕ ምምሃር ይከኣል እዩ (ሉቃ 1፡3-4፣ ዮሃ 20፡31፣ ሮሜ 15፡4፣ 1ቆረ 10፡11፣ 2ጢሞ 3፡16,17)። ብዛዕባ እግዚኣብሄርን ብዛዕባ ቃሉን ዓሚቍ ርድኢት እንተዘይብልና ንርእስናን ንራእይናን ናብ ሓደጋ ከም እነውድቕ ክንዝንግዕ ኣይግባእን።

## 2. ንርእስኻ ምፍላጥ

ንርእስኻ ምፍላጥ ዝብል ሓሳብ ክለዓል ከሎ "ንርእሱ ዘይፈልጥ ሰብ'ዶ ኣሎ እዩ፧" ኢልና ክንግረም ዝከኣል እዩ። ንርእስኻ ብመንጽርካ ዘይኮነስ ብመንጽር እግዚኣብሄር ምፍላጥ እዩ ዘድሊ። ንሕና ብዛዕባ ርእስና ዘሎና ግምትን እግዚኣብሄር ብዛዕባና ዘለዎ ግምትን ኣዝዩ ከምዝረሓሓቕ ከነስተውዕል ጠቓሚ እዩ። እቲ ሚዛን ናይ መንነት'ውን በበይኑ ስለዝኾነ ንሕናን እግዚኣብሄርን ሓደ ዓይነት ግምት ክህልወና ከምዘይክእል ንጹር እዩ (ኢሳ 55፡8-9፣ ምሳ 16፡2)።

ብዙሓት ሃብታማት ምዃኖም፡ ክዱናት ምዃኖም፡ ሰብ ጽቡቕ ዓይኒ ምዃኖም እናሓሰቡ ከለዉ ብሃንደበት ሚዛን ኣምላኽ ነዳያትን ዕሩቓትን ዕዉራትን ምዃኖም ኣርዲኣቶም እያ። ብዙሓት'ውን ዝኸበሩን ዝዓበዩን ኣብ ዝመሰሎም እዋን ሚዛን ኣምላኽ ቀለልትን ፈኮስትን ምዃኖም ነጊሩ ክሳዕ ዘንቀጥቅጡ ጌሩቶም እያ (ዳን 5፡1-28፣ ሉቃ 12፡21፣ ራእ 3፡17-18)።

ብኣንጻሩ፡ ነፍሶም ኣዝዮም ዘትሓቱ፡ ንልቦም ኣብ ቅድሚኡ ንዝሰበሩ፡ ነፍሶም ከም ማይ ኣብ ቅድሚኡ ንዝኸዓውዋ ከኣ ከም ልቢ ኣምላኽ ከም ሕሩይ ኣቕሓ ከም

የማነይቲ ኢድ ክሳዕ ዝምስሉ ሚዛን ኣምላኽ ከተዕብዮም ከላ ተራእያ። ንነፍሶም ከም ሓመድን ሓሙኹሽትን ከም ምውት ከልቢ ክምስልዋ ከለዉ፡ እግዚኣብሄር ግን ኣብ ቅድሚ ፈተውቱን ጸላእቱን ዝምክሓሎም ምሩጽ መንነት ዘለዎም ኮይኖም ተረኺቦም እዮም (1ሳሙ 2፡35-36፣ 1ሳሙ 13፡14፣ ግብ 9፡15-16)።

ስለዚ ሓደ ጸውዒት ወይ ራእይ ክቐርበልና ከሎ "ኣነ መን እየ" ዝብል ሕቶ ኣብ ቅድሚ እቲ ጸዋዒና ኣምላኽ ክንሓትት ይግባእ። ሙሴ ነቲ ንእስራኤላውያን ሓራ ናይ ምውጻእ ራእይን ጾርን ምስቀረበሉ ዝሓተታ ቀዳመይትን ቅንዕትን ሕቶ "ኣነ መን እየ" እትብል እያ። እታ ንሙሴ ሙሴ ዝገበረቶ ነጥቢ ከኣ ተገልጸትሉ (ዘጸ 3፡11-12)። ንሲምሶን ዝነበሮ መንነት፡ ንዳዊት ንጳውሎስ ዝነበሮም መንነት ካብቲ ንሳቶም ብዛዕባ ርእሶም ዝፈልጥዎ ኣዝዩ ዝተፈልየ እዩ። እግዚኣብሄር ኣባና ዝቐበሮ ዕቝር መንነትና እንተዘይተጋሂዱልና እቲ ዓይኒ ሰብ ዝፈልጦ መንነትና ንራእይና ስጉሚ ከምዘየኽእሎ ክንፈልጥ ይግባእ።

## 3. ንህዝብኻ ምፍላጥ

ኣቐዲምና ከምዝረኣናዮ ንዝኾነ ራእይ ህዝቢ ኣለዎ። ስለዚ ራእይና ንምትግባር ቅድሚ ምብጋስና ነቲ ህዝቢ ኵለትናኡ ክንፈልጦ ኣድላዪ እዩ። እንተ ዘይፈሊጥናዮ ግን ወይ ነቲ ህዝቢ ወይ ንራእይናን ንርእስናን ከም እነፍርስ ክንፈልጥ ይግባእ።

ጐይታ ንኣይሁድን ንሳምራውያንን ዝቐረቦም ኣቀራርባ ሓደ ዓይነት ኣይነበረን (ዮሃ 4፡1-40፣ ማቴ 16፡1-6)። ንሶም ትእምርቲ (ምልክት) ዝፈትዉ ህዝቢ ኣይሁድን ንሶም ጥበብ ዝፈትዉ ጽርኣውያንን ሓደ ዓይነት ኣማጽኣ ክትመጽእ ኣይከኣልን እዩ (1ቈረ 1፡22)። ጳውሎስ ነዚ ጉዳይ እዚ ብምስትውዓል ተጠቒሙሉ እዩ (ግብ 17፡21-31)። እግዚኣብሄር ንህዝቅኤል ክልእኮ እንከሎ፡ እቶም ህዝቢ እንታይ ዓይነት ሰባት ምዃኖም፡ ዘይሰምዑ ተረርቲ ልቢ ምዃኖም ገሊጹን ኣፍሊጡን እዩ ልኢኹዎ (ህዝ 2፡3-7)።

## ራእይ

ሎጥ ንመሬት ሰዶም ክመርጽ ከሎ፡ እቲ ቦታ ገነት ዝመስል ሳዕርን ማይን ዝመልኡ ምኺኑ ደኣ እምበር ናብ ከመይ ዝዓይነቱ ህዝቢ ይኸይድ ከምዘሎ ኣየስተውዓለን። እዚ ዘይምስትውዓል እዚ ናብ ከመይ ዝበለ ንነፍሲ ዘሳቒ ኵነታት ከምዘእተዎን ዋጋ ከምዝኸፈሎን ኵላትና እንፈልጦ ሓቂ እዩ (ዘፍ 13፡10-13፣ 1ጴጥ 2፡7)።

## ጥቕሚ ራእይ

ብዛዕባ ራእይ ብዙሕ ክንፈልጥ ክንመሃርን ዘድልየና ዘሎ ብራእይ ተመሪሕና ምኻድ ዝህቦ ብዙሕ ጥቕሚ ስለዘሎ እዩ። ራእይ ዘይብሉ ሰብን ዓይኒ ዘይብሉ ሰብን ሓደ እዩ። ሓደ ዓይነ-ስዉር ኣብ ቅድሚኡ እንታይ ከምዘሎ እንታይ ከምዝመስል ማዕረ ክንደይ ርሒቑ ከምዘሎ ኣይፈልጥን እዩ። ኵሉ ጊዜ ምስተ,ጋገየ ጥራይ እዩ ዝእረም። ራእይ ዘይብሉ ሰብ ከኣ ብኸምኡ እዩ ዝጎዓዝ። ነቲ ራእይ ዝህበና ጥቕምታት ኣብ ሰለስተ ነጥብታት ከነጠቓልሎ ንክእል ኢና።

### 1. መኣዝን የትሕዝ

መብዛሕትኡ ኣብ ከባቢና እንርእዮ መንፈሳዊ ምንቅስቓሳት መኣዝኑ ኣበይ ገጹ ምዃኑ ንኽትፈልጥ የጸግም እዩ። “ናበይ እዮም ከብጽሑና፧” ዝብል ሕቶ ብዙሕ ጊዜ በቲ ተገልጋሊ ህዝቢ ክሕተት ከሎ ይማዕ እዩ። ከምዚ ዝዓይነቱ ምድንጋር ራእይ ካብ ዘይብሉ ጉዕዞ ዝነቅል እዩ። ንጹር ዝኾነ እትጅምረሉን እትዓርፈሉን ዕላማ ስለዘይተቐመጠልካ ስክፍታ'ኻ ክዓዝዝ ናይ ግድን እዩ። ንጹር ዝኾነ መርገጺ ስለዘይብልካ እቲ እትወስዶ ስጉምቲ ብመንጽር እቲ ዘጋጥመካ እዋናዊ ኵነታት ስለዝኸውን ኣብ ምዕራፍካ ክትበጽሕ ኣይትክእልን። ሓንቲ ኣብ ማእከል ባሕሪ እትጎዓዝ መርከብ መኣዝና ዝገልጽ ኮምፓስ ኣለዋ። ንፋስ ይበርትዕ ማዕበል ይበርትዕ ብዘየገድስ ናብታ ሓንሳብ ብኮምፓስ ዘጻወድዋ መኣዝን ገጻም ይጎዓዙ። ልዕሊ ዓቕሞም ብዝኾነ ሓይሊ ካብቲ ዝሓሰብዎ መገዲ እኳ እንተ ተደፍኡ፡ ኣብታ ተደፊኦም ዝበጽሕዋ ቦታ ኮይኖም ሓሳቦምን ኮምፓሶምን ገና ናብታ ዝመደብዋ ገጾም ኣጻዊዶም እዮም ዝጎዓዙ። ስለዚ ራእይ'ውን ከም ኮምፓስ ናይ ነፍሲ ኮይኑ ንኹሉ ስጉምትናን ውሳኔናን ዝኣልን ዘጽንዕን እዩ። እዚ ሓቂ እዚ ኣብ ህይወት እስራኤላውያንን ሃዋርያትን ብግልጺ ተራእዩ እዩ። መገዲ 40 መዓልቲ ን40 ዓመታት ዝኣክል ደኣ ይጎዓዙ እምበር ብዙሕ ሕልኽላኻት ደኣ የጋጥሞም እምበር እታ ናብ ከንኣን ገጻ ዝተጻወደት መኣዝን ግን ክትዕጸፍ ኣይከኣለትን። ሃዋርያት እውን ዋላ ደኣ ንነፍሶም ብጸበባ ይጽበባ እምበር ዝነቐሉሉ ራእይ ግን ክዓጽፍ ዝኽእል ዝኾነ ይኹን ነገር ኣይተረኽበን። ራእይ መኣዝን ካብ ምትሓዙ ዝተላዕለ

ኣብቲ ነቲ ራእይ ዘገልግል ዘሎ ሰብ ሓደ ዓይነት ባህርይ ክቐርጽ ክሳዕ ዝኽእል ሓያል እዩ። እቲ ናይ ራእይ ሰብ ነቲ ዘጋጥሞ ኵነታት ከመይ ዓይነት ግብረ መልሲ ክህብ ከምዝኽእል ምትንባይ ክሳዕ ዝከኣል እዩ መኣዝን ዘትሕዞም።

## 2. ስርዓት የትሕዝ

ንጉስ ሰለሞን ክምስል ከሎ፡ "ራእይ ዘይብሉ ህዝቢ ስዲ ይኸይድ" ኢሉ ኣሎ (ምሳ 29፡18)። ስለዚ ሓደ መንፈሳዊ ሰብ ብራእይ እንተ ዘይተጓዒዙ፡ መንፈሳዊ ስድነት እናተለማመደ እዩ ዝነብር። ዘይእዱብ መንፈሳዊ ህይወት ሒዝካ ንኣምላኽ ከተስምር ከኣ ኣይከኣልን እዩ። በቲ ኣምላኽ ዝሃበካ ሓርነት ሰባት እናተዓንቀፉ ናብ ዓለም ክምለሱን ባሮት ሓጢኣት ክኾኑ ምግባርን መንፈሳዊ ስድነት እዩ። ከምቲ ጳውሎስ ገሊጽዎ ዘሎ ምብላዕን ዘይምብላዕን ዝውስኾን ዝንክዮን ዘይብሉ ክነሱ ምእንቲ ስጋ ክትበልዕ ክትብል ነቲ ክርስቶስ ዝሞተሉ ድኹም ሓው፡ ብሰሪ ፍልጠትካን ሓርነትካን እንተ ዓንቂፍካዮ ነቲ ሓርነትካን ፍልጠትካን ከም መጎልበቢ ክፍኣት እትጥቀመሉ ስርዓት ዘይብሉ ክርስቲያን ትኸውን ኣሎኻ። ሃዋርያ ጳውሎስ ንሰባት ምእንቲ ከየዐንቅፍ፡ ንኹሉ ጊዜ ስጋ ከይበልዕ ወሲኑ (ሮሜ 14፡13-23፣ 1ቈረ 8፡8-13፣ 1ቈረ 10፡23-33)።

ሓደ ኣብ ስፍራ ቅድድም ዝቀዳደም ሰብ ኣኽሊል ዓወት ምእንቲ ክረክብ ካብ ኵሉ ነገር ነፍሱ መጢኑ ከምዝገትእ ቃል እግዚኣብሄር ይነግረና እዩ (1ቈረ 9፡24-27)። ነፍስኻ ምግታእ ማለት ንነፍስኻ ስርዓት ምትሓዝ ማለት እዩ። ንጢሞቴዎስ ኣብ ዝተጻሕፈ መልእኽቲ'ውን ሓደ ዓቀይታይ ብናይ መነባብሮኡ ክጠላለፍ ከምዘይብሉ ነቲ ዘዐቀዮ ምእንቲ ከስምር ከም ናይ ዓቀይታይ ናብራ ንነፍሱ ብምግታእ ስርዓት ዘለዎ ህይወት ክመርሕ ይግባእ (2ጢሞ 2፡3-4)። ከምኡ'ውን ኣብ ስፍራ መቃለሲ ኮይኑ ከምቲ ሕጉ (ስርዓቱ) እንተዘይተቓለሰ ኣኽሊል ዓወት ክረክብ ኣይክእልን እዩ። ክርስቲያን'ውን ከምኡ እዩ (2ጢሞ 2፡5)። ስለዚ ከምዚ ዝበለ ርእስኻ እናገታእካ ስርዓት ዘለዎ ህይወትን ጉዕዞን ክትከይድ ዘኽእለካ ብራእይ ምጉዓዝ ምዃኑ ፈሊጥካ፡ ብራእይ ክትጎዓዝ ይግባእ።

## 3. ርእስና ክንውፌ ይገብረና

ነዚ ዝጠቐስናዮ ስርዓትን መኣዝንን ዘለዎ ህይወት ክትጎዓዞ ዝከኣል ስለዝኾነ፡ ርእስኻ ወፊኻ ንኽትዓዪ ዘሰክፍ ነገር የልቦን። ስለዚ ራእይ ካብ ዝህበና ጥቕሚ ሓደ ውፉይ ምዃን እዩ። ካብ ጳውሎስን ነህምያን ንላዕሊ ኣብነት ክኸውን ዝኽእል ዘሎ ኣይመስለንን። ነህምያ ንርእሱ መዓልትን ለይትን እናዓየየ፡ ነቲ ንእኡ ዝግብኦ ሓለፋታት ከም ወጽዓ እናቖጸረ፡ ብዘገርም ተወፋይነት ንየሩሳሌም ንምህናጽ ጽዒቱ እዩ። ካብቲ ዝነበሮ ሕሉፍ ምውፋይ ዝተላዕለ፡ ኣይሁድ ብምሉኦም ውፉያት ክኾኑን ልቦም ነቲ ዕዮ ጽዒቱ ክለዓልን ረዲእዎም እዩ (ነህ 4፡21-23፣ ነህ 5፡14-19)።

ሃዋርያ ጳውሎስ'ውን ንሓንቲ ማሕበር ብነፍሲ ወከፍ ሰብ ደረጃ ሰለስተ ዓመት ምሉእ ለይትን መዓልትን ብንብዓት እናመሃረ ኵሉ ምኽሪ ኣምላኽ ሓንቲ ከየትረፈ ምዒድዎም እዩ። ከምኡ'ውን ንኹለን ማሕበራት ኣዝዩ ሰፊሕ መጽሓፍ ብዝኣክል ደብዳቤታት ክምዕድን ክገንሕን ክምህርን፡ ናብ ኵሉ ኤስያ ብእግርን ብባሕርን እናተጓዕዘ ወንጌል ከብጽሕን ነቲ ዝበጽሖ ከጽንዕን ተራእዩ እዩ። እዚ ተወፋይነት እዚ ጳውሎስ ስለዝኾነ ዘይኮነስ እቲ ኣብ ልቡ ዘሎ ጾርን ራእይን ክሳዕ ክንድዚ ውፉይ ክሳዕ ዝኸውን ስለዝቐረጾ ጥራይ እዩ (ግብ 20፡25-32)።

ንሕና'ውን ከምዞም ቅዱሳን እዚኣቶም ነቲ ዝተዋህበና ኣገልግሎት ብራእይ ንምዕያይ ክንውፈ የድሊ። ሕዝ ግድፍ እናበልና፡ ክውዕየካ ብማንካ ክዝሕለካ ከሎ ብኢድካ ዓይነት ዕዮ ናይ ራእይ ሰባት ዘይምዃንና ጥራይ እዩ ዘቃልዓና።

## ራእይ ብኸመይ ይሕሎ፧

እዚ ክሳዕ ክንድዚ ክብረትን ኣድላይነትን ዘለዎ ራእይ ብሸለልትነት ክንሕዞ ግቡእ ኣይኮነን። ብዙሕ ሓለዋን ጥንቃቐን ዘድልዮ ነገር እዩ። እንተኾነ እንሕልወሉ መገዲ ብበትርን ብብረትን ዘይኮነስ በቲ መንፈሳዊ ኣጽዋር ውግእ እዩ። ንኸምዚ ዝበለ ዓብይ ነገር ብዙሕ ተጻባኢ ከምዘለዎ ክንዝንግዕ የብልናን። ነህምያ ነቲ ዓብይን ቅዱስን ራእይ ሒዙ ምስነቐለ፡ ብዙሓት ብቐንእን ጓህን ተላዕልዎ። ንሱ ግን ከመይ ገይሩ ራእይ ከምዝቕበል ጥራይ ዘይኮነስ ከመይ ገይሩ ከምዝሕልዎ'ውን ስለዝፈልጥ ንራእዩ ክዕንቅፍ ዝኽእል ኣይነበረን። ንምጥቕላል በዘን ዝስዕባ ነጥብታት ራእይና ክንሕሉ ከምእንኽእል ክንርኢ ኢና።

### 1. ብትግሃት

ትግሃት ንበዓል ራእይ ካብ ዘድልይዎ ባህርያት እቲ ቀንዲ እዩ። ንዕዮኡ ለይትን መዓልትን ብትግሃት እንተዘይዓይዩ ኣብ መፈጸምታ ከብጽሖ ኣይክእልን እዩ። ሃዋርያ ጳውሎስ ንዕዩኡ ለይትን መዓልትን ኣብ ጊዜኡን ዘይግዚኡን ከየቋረጸ ብትግሃት ንሰላሳ ዓመታት ስለዝዓየየ ቅድሚ ብስጋ ምሟቱ ራእዩ ፈጺሙ ዓስቢ ዓወቱ ንዝኾነት ኣኽሊል ህይወት ብእምነት ከማዕዱ ዝበቐዐ ሰብ እዩ (2ጢሞ 4፡6-8፣ ግብ 20፡31)። ከምኡ'ውን ነህምያ ብዘይምዝንጋዕ ምስቶም ዓየይቲ ብትግሃት ስለዝዓየየ ንተሃድሶ ናይ የሩሳሌም ኣብ ግቡእ ጊዜ ኣሳለጦ። እቲ ዕዙዝ ትግሃቱ ንጸላእቱ ውዲቶም ንምፍጻም ዕድልን ጊዜን ከሊእዎም እዩ። ልቢ ናይ በዓል ራእይ ንዕዮ እንተ ዘይጽዒቱን እንተ ዘይተጊሁን ኣብ ፍረ ክበጽሕ ኣይክእልን እዩ (ነህ 4፡6-7)።

### 2. ብጽንዓት

ንሓደ በዓል ራእይ ከተዓናቕፍዎ ዝኽእሉ ፈተናታት ኣዝዮም ብዙሓት እዮም። ነቲ ፈተና ርእዩ ብስግኣት ዕዩኡ እንተ ኣቛሪጹ ራእዩ ከም ዝበላሸዎ ክዝንግዕ

ኣይግባእን። ንነህምያ ካብ ዘዐወቶ ቀንዲ ረቛሒ ንምፍርራሆን ምትንኳልን ናይ በዓል ሳንባላጥ ብጽንዓት ስለዝመከቶ እዩ (ነህ 4፡8-23)። ኣብርሃም ነቲ ብእግዚኣብሄር ዝተዋህቦ ራእይ ክኾልፉ ኢሎም ነቲ ዘቐመጦ መስዋእቲ ክበልዑ ዝመጹ ኣሞራታት ክሳዕ ንሳቶም ጸሓይ ዓሪብዎም ኣብ ማሕደሮም ዝኣትዉ ብዘይ ምቁራጽ ብጽንዓት ይሰጎም ነበረ። መፈጸምታን ትርጉምን ናይ ራእይ ንምርኣይ ድማ በኞዐ (ዘፍ 15፡11-12)። ስለዚ ኣድላይነት ናይ ጽንዓት ከየስተውዓልካ ራእይ ኣሎኒ ኢልካ ምብጋስ ኣየዝልቕን እዩ።

## 3. ብስርዓት

ራእይ ካብ ዝህበና ጥቕምታት ሓደ ብስርዓት ምንባር እዩ። እዚ ባህርይ እዚ ዘይብሉ ራእይ ሓደገኛ እዩ። ቃል እግዚኣብሄር “ራእይ ዘይብሉ ህዝቢ ስዲ ይኸይድ” እናበለና ስርዓት ዘይብልና ምስ እንኸውን ብመሰረቱ ካብ ኣምላኽ ዝኾነ ራእይ ከምዘይብልና እቲ ሒዝናዮ ዘሎና ራእይ ካብ ገዛእ ርእስና ዝነቐለ ምዃኑ ዝገልጽ እዩ። ኣብቶም ንሕጊ ቅንኣት ዝነበሮም ኣመንቲ ኣይሁድ ዘገልግሉ ሃዋርያት፡ ንእኦም ዘገልግሉሉ ስርዓት ዘለዎ ራእይ ነበሮም። እቶም ኣብ ኣህዛብ ዘገልግሉ ዝነበሩ ሃዋርያት ከኣ ንእኡ ዘገልግል ስርዓት ዘለዎ ራእይ ነበሮም። ኣብ ባህርይና፡ ኣብ ኣዘራርባና፡ ኣብ ኣለባብሳና፡ ኵሉ መነባብሮናን ነቲ ራእይና ዘገልግል ስርዓት ከም ዘድልየና ዝከሓድ ኣይኮነን (ግብ 21፡17-26)።

## 4. ንዝተቐበልናዮ ራእይ ብምኽባር

ነህምያ ንራእይ ዝነበሮ ክብሪ ኣዝዩ ንጹር ነበረ። በዓል ሳንባላጥ ንዓ ምሳና ተመያየጥ ምስ በልዎ ዓብይ ስራሕ ከምዘለዎ ንእኡ ገዲፉ እንተ መጺኡ ዕዮኡ ከምዝበኰር ብምግላጽ ኣበዮም (ነህ 6፡3,10-13)። እዚ ድማ ንራእዩ ዝነበሮ ክብሪ የርእየና። ንራእይካ ብኣፍካ እናወደስካዮ ክነስኻ፡ ብተግባር ግን ካልኣዊ ነገር ከምዝኾነ ጌርካ እንተ ገለጽካዮ ነቲ ኣምላኽ ዝሃበካ ራእይ ተቓልሎ እምበር ተኽብሮ ኣየለኻን። ንምውታት ትንሳኤ እትሰብከሉ ራእይ ተዋሂቡካ ከብቅዕ፡

ቅድም ንዝሞተ ኣቦይ ቀቢረ ክስዕበካ ምባል ነቲ ራእይን ነቲ ምንጪ ራእይ ዝኾነ ኣምላኽን ምቅላል እዩ'ሞ ነቲ ዕዮን ነቲ ራእይን ዘይብቑዕ ይገብረካ (ሉቃ 9፡59-61)።

## 5. ንራእይካ ናብ ካልኦት ብምትሕልላፍ

ውሉድ ክንወልድ ካብ ዘብህገና ነገር ሓደ ስምናን ዝኽርናን ዘርእናን ንኽይጸንት እዩ። በዓል ራእይ ድማ ከምኡ በዓል ራእይ እንተዘይወሊዱ እቲ ራእይ ከምዝጸንት ክነስተውዕል ይግባእ። ጐይታ ንወንጌል ናብ ሃዋርያት ኣመሓላሊፍዎ ምስ ከደ ሃዋርያት ከኣ ናብ ድሕሪኦም ዝተንስኡ ኣገልገልቲ ኣሕለፍዎ። ሃዋርያ ጳውሎስ ከኣ ንጢሞቴዎስ ነቲ ካባይ ዝተቐበልካዮ፡ ንኻልኦት ክምህሩ ንዝኽእሉ ሰባት ኣመሓላልፍ ኢሉ ከምዝተላበዎ ንርኢ (2ጢሞ 2፡2)። ከምዚ ዓይነት ናይ ራእይ ምትሕልላፍ እንተዘይነብር ክርስትና ናብዚ ደረጃ እዚ ኣይምበጽሐን። ኣብ መንጎ ሙሴን ኢያሱን እንርእዮ ዓብይ ፍልልይ ከኣ ኣብዚ ነጥቢ እዚ እዩ። ሙሴ ዕድሚኡ ምሉእ ከገልግል ከሎ፡ ንራእዩ ዝምልኦ ኣብ ትሕቲ እግሩ ንኢያሱ ኣዕበየ። ናይ ሙሴ ምሟት ከኣ ነቲ ናብ ከንኣን ናይ ምብጻሕ ራእይ ከተዓናቕፍ ኣይከኣለን። ምኽንያቱ ኢያሱ ነቲ ራእይ ካብ ሙሴ ስለዝተቐበሎ እዩ። ኢያሱ ዘየስተውዓላ ሓንቲ ነጥቢ ግን ንእኡ ዝቕበል ሰብ ዘይምፍራዩ ጥራይ እዩ። እቲ ራእይ ስለዘይተመሓላለፈ ከኣ እስራኤል ብመሳፍንቲ ተኸፋፊላ መጻወቲ ናይ ድያብሎስ ኮይና። ነቲ ህዝቢ መምርጭኡ ይኺድ ስለዝሓደጎ ነቲ ራእይ ሓዲግ ክኾልፎ ከሎ ተራእዩ። ስለዚ ሎሚ'ውን ካብዚ ዓቢ ጌጋ ናይ ኢያሱ ርእስና ክንሕሉ የድሊ።

## 6. ብኹነታት ተደሪኽካ ናብ ውሳኔ ዘይምህዋኽ

በዓል ራእይ ደኣ ንኹነታት ይመርሖ እምበር ኩነታት ንበዓል ራእይ ክመርሕ ግርምቢጥ እዩ። ስለዚ ሓደ ሓደ ክድህሉን ክህውኹን ዝኽእሉ ኩነታት እኳ እንተ ኣጋጠሙና፡ ንነፍስና ኣህዲእና ናብ ኣምላኽ ክንጥምት የድሊ። ናብቲ ራእይ ዝሃበና

ልዕሊ ዥነታት ልዕል ክብል ዝኸእል ኣምላኽ እንተ ጠሚትና መፍትሒ ንረክብ ኢና። ብናይ ጸላእቲ ምጉብዕባዕ ዝሰምበደ ሳኦል ኣብ ዘይስርሑ ኣትዩ መስዋእቲ ብምስዋእ ናይ ንስሓ ዕድሉ ከምዝበተኸ ንፈልጥ ኢና (1ሳሙ 13፡10-14)። ከም ሙሴ ዓቃላት ኴንና ፍታሕ ካብ ሰማያት ክወርድ እንተ ተጸቢና ግን ኣምላኽ ስለዘይድንጉ ቅኑዕ ውሳኔ ንምውሳድ ክንበቅዕ ይከኣል እዩ (ዘሁ 12፡3፣ ዘሁ 16፡1-6)።

## 7. ናይ ራእይ ፍልልይ ክህሉ ከምዝኽእል ብምስትውዓል

እቲ ንበዓል ራእይ ዘድልዮ ቀንዲ ኣፍልጦ፡ ካልኦት ሰባት ካብቲ ናቱ ራእይ ዝተፈለየ ካልእ ራእይ ሒዞም ክንቀሳቐሱ ከምዝኽእሉ ምስትውዓል እዩ። በቲ ናትካ ራእይ ምሳኻ ኮይኖም ክዓዩ ስለዘይከኣሉ ጽልኣት ኣሕዲርካ ናብ ተቓውሞን ቅርሕንትን እንተኼድካ፡ ድሮ ተዓንቂፍካ ኣሎኻ ማለት እዩ። ሃዋርያት ካልኦት ሰባት ብስም ጐይታ ወንጌል ክሰብኩን ኣጋንንቲ ክመልኩን ምስረኣይዎም ክኽልክልዎም ጀመሩ። ጐይታ ግን "እቲ ዘይበኣሰና ዘበለ ምሳና እዩ።" ኢሉ ነቲ ቁጥዓ ኣህድኦ (ማር 9፡38-40)። እቲ ራእይ ዝህብ ኣምላኽ ደኣ እዩ ሓደ እምበር፡ እቲ ዝወሃብ ራእያት ዝተፈላለየ ክኸውን ከምዝኽእል ምስትውዓል የድሊ። ከምቲ ጳውሎስን ጴጥሮስን ዝተቐባበልዎ ጌርና ናይ ሕብረት የማናይ ኢድና ክንወሃሃብን ክንደጋገፍን እምበር ክንጻፋእን ክንተዓናቐፍን ኣይግባእን እዩ (ገላ 2፡9)።

## ብራእይ ንምዕባይ ዝረድኡና ነገራት

ኣቐዲምና ራእይ ብኸመይ ከምዝሕሎ ክንርኢ ጸኒሕና። ሓደ ራእይ ከይተሓለወ ክዓቢ ኣይክእልን እዩ። ምኽንያቱ እቶም ዕንቅፋታት ኵሎም ካብ ምዕባይ ክዓግትዎ ስለዝኽእሉ እዮ። እቲ ራእይ ተሓልዩ ምስዓበየ ከኣ እቲ ምዕባይ ተመሊሱ ንምሕላው ይረድእ እዩ። ስለዚ ኣስዒብና እቶም ራእይ ንምዕባይ ዝረድኡና ነጥብታት ንርአ።

### 1. ዕላማ ናይ ራእይ ምፍላጥ

ራእይ መለኮታዊ ምርሒት እዩ። ስለዚ እቲ ራእይ ዝወሃበሉ ቀዳማይ ዕላማ ንኽንምርሓሉ እዩ። ኣብዚ መኣዝኑ ዘይፍለጥ ዓለም፡ ሰባት ነቲ ህይወቶም ክትከደሉ ዝግብኣ ቅኑዕ መገዲ ንምፍላጥ ይጽገሙ እዮም። ብፍላጥ ነቲ መንፈሳዊ ዝኾነ ኣማኒ ሰብ፡ ነታ መገዱ ንኽይፈልጣን ንኽይከዳን ሰይጣን ካብ ቅድሚ ኣዒንቱ ከህስሰሉን ኣብ መወዳእታ ከኣ ከጥፍኣሉ ከምዝጽዕር ግሁድ እዩ። ስለዚ ኣብዚ ከምዚ ዝኣመሰለ ፈታኒ ወቕቲ ክርስቲያን በዘፈቀደ ወይ ብሃሰሰ ዘይኮነስ ብትኽክል ምእንቲ ክመላለስ መሪሕ ዝኾነ ራእይ ክህልዎ የድሊ። ከምቲ ነብዩ ኢሳይያስ "ካብታ መገዲ ንየማን ወይስ ንጸጋም ምስ እተግልስ፡ ብድሕሬኻ እዚኣ እያ እታ መገዲ ዝብል ድምጺ ክትሰምዕ ኢኻ" ኢሉ ዝጸሓፈ፡ ንሕና'ውን ካብ መገድና ከነግልስ ከሎና እንቕለሰሉ መገዲ ራእይ እዩ (ኢሳ 30፡21)።

እግዚኣብሄር ንጥቕሚ ሓደ ሰብ ኢሉ ራእይ ኣይህብን እዩ። በቲ ንሓደ ሰብ ዝሃቦ ራእይ ገይሩ ንዝህቡ ክንሲ ስለዝደሊ ራእይ ክወሃበና ከሎ ነዚ ሓሳብ ናይ እግዚኣብሄር ከነገልግል ይግብኣና። ኵሉ ጊዜ ጐይታ ንቕዱሳኑ ራእይ ክህቦም ከሎ ምስኡ ኣልጊቡ ነቲ ህዝቢ እቲ ዝረኣይዎ ራእይ ክገልጹሉ ይእዝዞም ነበረ (ህዝ 3፡17)። ስለዚ ኣብቲ ጐይታ ዝሃበና ራእይ ናይ ዋንነት ስምዒት ከይስምዓና ክንጥንቀቕ የድሊ። ራእይ ንኻልኡት ዘየካፍልን በቲ ራእዩ ካልኡት ሰብ ራእይ ከፍርን ዘይከኣለ ሰብ ከምቲ መኸሊቱ ዝቐበረ መወዳእትኡ ዝተጸየቐ ሰብኣይ እዩ ዝመስል (ማቴ 24፡14-30)።

## 2. ንዝተገልጸልካ ራእይ እሙን ምዃን

ነቲ እሙን ሊቀ ካህናት ዝኾነ ክርስቶስ ዝስዕብ ሰብ እቲ ካብኡ ዝድለ ቀዳማይ ረቛሒ እሙን ምዃን ከምዝኾነ ዝዝንግዕ ክርስቲያን ዘሎ ኣይመስለንን (እብ 3፡1-6)። ስለዚ ዕቤትን ክብደትን ናይቲ ዝተዋህበና ራእይ ብዘየገድስ እሙናት ክንከውን ብግዲ እዩ ዘድልየና። ዋላ እኳ እቲ ዝተዋህበና ራእይ ንእሽቶ እንተኾነ፡ እቲ ምንኣሱ ግን ብሸለልትነት ንኽንሕዞ ምኽንያት ክኸውን ኣይክእልን እዩ። ነቲ ኣብ ሒደት ዝተኣመነ ኣብ ብዙሕ ከምዝሸየም ዝገልጽ መለኮታዊ ሕጊ ምዝካር ይግባእ (ማቴ 25፡21፣ ማቴ 24፡45-57)። ኣብቲ ንእሽቶ ዝመስል ራእይ እሙናት እንተዘይኴንና እግዚኣብሄር ናብ ካልእ ዝዓበየ ራእይ ከምዘየሰጋግረና ርጉጽ እዩ። ንጉስ ሰለሞን ክምስል ከሎ "ረሲእ ልኡኽ ኣብ እከይ ይወድቕ፡ እሙን መልእኽተኛ ግና ጥዕና እዩ። … እሙን ልኡኽ ነቶም ዚልእክዎ ኸምቲ ዛሕሊ ውርጪ ብጊዜ ቐውዒ እዩ፡ ንሱ ንነፍሲ ጐይትኡ የቕስና።" ኢሉ ኣሎ (ምሳ 13፡17፣ ምሳ 25፡13)። ስለዚ በታ ዝተዋህበትና ሒደት ወይ ከኣ ንእሽቶ ራእይ ንነፍሲ ጐይታና እሙናት ኴንና እንተዘየቕሰንናያ እቲ ብራእይ ናይ ምዕባይ ባህግና (ሕልምና) ከምዘይሰልጥ ቀልጢፍና ከነስተውዕል ይግብኣና። ራእይካ ንኽትትግብር ብዝተለዓልካሉ መጠን ዝተፈላለየ ዕንቅፋትን ፈተናን ምስ ኣጋጠመካ ዝሓዝካዮ ራእይ ደርቢኻ፡ ውረድ ደይብ ዘይብሉ ልሙድ ዝኾነ ራእይ ዝበልካዮ ባዕልኻ ለውጢ ክትገብር፡ ዝተዋህበካ ራእይ ሓዲግካ ናብ ናይ ካልኦት ራእይ ክትኣቱ ምፍታን እቲ ወሃብ ራእይ ዘይጻወሮ ተግባር ምዃኑ ክንዝንግዕ የብልናን።

## 3. ንዝተዋህበካ ራእይ ምትግባር

ራእይና ተቐቢልናዮ ኣኽቢርናዮ ከነብቅዕ፡ ክንትግብሮ ምስ ዘይንኽእል፡ ነቲ ራእይ ከንቱ ንገብሮ ከምዘሎና ክንፈልጥ ኣድላዪ እዩ። ከም ናይ ጌጽ ኣቕሓ ኣብ ልብና ወይ ኣብ ወረቐት ጥራይ ኣሰፊርና ብእኡ እናስተንተንና ክንነብር ኣይንኽእልን ኢና። እግዚኣብሄር ነቲ ራእይ ዝሃበና፡ ብኹሉ ህዋሳትና ከነስተማቕሮ ክሳዕ እንኽእል ተተግቢሩ ክርኢ ስለዝደለየ እዩ። ራእይ ናይ ልቢ ወይ ናይ ኣእምሮ ልምምድ ጥራይ ኣይኮነን፡ ክዕየ ዝግብኦ ተልእኾ እዩ።

ምናልባት ሓደሓደ ጊዜ እቲ ነቲ ራእይ ዝርኢ ሰብን ነቲ ራእይ ዝትግብር ሰብን ዝተፈላለዩ ክኾኑ ይኽእሉ። ከምቲ ኣቐዲምና ዝበልናዮ ራእይ ንሓደ ውልቀሰብ ጥራይ ዝወሃብ ኣይኮነን። ነህምያ ንዝተዋህቦ ራእይ፡ ንብጸቱ ምስ ኣካፈሎም እዩ ትግባረ ናይቲ ራእይ ክፍጸም ዝተራእየ። ንሱ ነቲ ራእይ ርእይዎን መሪሕዎን ኣብ ግብሪ ዘውዓሎ ግን እቲ ህዝቢ እዩ። ስለዚ ባዕልና እኳ ክንትግብሮ እንተዘይከኣልና። ክትግብርዎ ንዝኽእሉ ሰባት ከነካፍሎን፡ ሓላፍነት ክንህብን ይግብኣና። ምእንቲ እዚ ከኣ እዩ፡ ኣብ ቤተ ክርስቲያን ብዙሕ ዝዓይነቱ ኣገልግሎትን ውህበትን ዝተዓደለ። ጐይታ ራእይ ንሃዋርያት ከካፍሎም እንተ ዘይክእል፡ ወንጌል ኣብ ዝኾነ ይኹን ቦታ ኣይምበጽሐን።

## 4. ብራእይ ንምዕባይ ፍቓደኛ ምዃን

እቲ ናይ ምዕባይ ቀንዲ ምስጢር ፍቓድ እዩ። ብፍላይ ኣብ መንፈሳዊ ዓለም፡ ንምዕባይ ፍቓድ ዘይብልካ ክነስኻ ክትዓቢ ኣይከኣልን እዩ። ምኽንያቱ እቲ ከዕቢ ዝኽእል እግዚኣብሄር እዩ። እግዚኣብሄር ከኣ ከም መጠን ፍቓድና ደኣ እምበር ኣንጻር ፍቓድና ብጎነጽ ዘዕቢ ኣምላኽ ኣይኮነን።

ስለዚ ብራእይ ንኽንዓቢ ብራእይ ንምዕባይ ፍቓደኛታት ምዃን ይሓተና እዩ። ከም በዓል ዳዊት ንእግዚኣብሄርን ንናይ እግዚኣብሄር ነገር ኵሉን ብርቱዕ ባህግን ጽምኣትን ናፍቖትን ክህልወና የድሊ። ብዙሕ ጊዜ ሰባት ብራእይ ምዕባይ የፍርሆም እዩ። ምኽንያቱ ራእይ ኵሉ ጊዜ ተወሳኺ ጾርን ተወፋይነትን ስለዝሓትት እዩ። ነህምያ ዝረኣዮ ራእይ ካብ ቤተ መንግስቲ ወጺኡ፡ ኣብቲ ዝፈረሰ መንደቕ ናይ የሩሳሌም ምንባር ሓቲትዎ እዩ። ጐይታ ዝነበሮ ራእይ'ውን ካብቲ ብሉጽ ናይ ሰማያት ናብርኡ ናብዚ ናይ ምድሪ ናይ ውርደት ናብራ ከምዝወርድ ገይርዎ እዩ። ስለዚ ንሕና'ውን ዝጸርናዮ ራእይ ክንድዚ እኳ እንተዘይኰነ ገለ ዋጋ ክንከፍል ስለዝሓተና ነቲ ናይ ራእይ ሸውሃት ከነዕብዮ ዘይኮነስ ክንኮልፎ ኢና እንርአ። እንተኾነ ነቲ ራእይ ዝሓተና ዋጋ ዘይኮነስ ናብቲ ራእይ ዝህበና ዓስቢ ክንጥምት የድሊ። ከምቲ ንጳውሎስ ዝተባህለሉ፡ ድኻም ኣብ

ዝተሰምዓካ ጊዜ በቲ ኣብ ድኻም ዝዓዪ ጸግኡ፡ ንሓይሉ ክገልጽ ተዳልዩ ከምዘሎ ክትዝክር ይግብኣካ (2ቈረ 12፡9-10)። ካብዚ ተላዒሉ እዩ ድማ ጳውሎስ ኣብ ድሕሪኡ ዘሎ እናረስዐ ኣብ ቅድሚኡ ናብ ዘሎ እናተመጣጠረ ናይ ምድሪ ጉዕዞኡ ብዓወት ዝዛዘመ። ንክርስቶስ ረኺብዎ ክነሱ “ገና ዝረኸብክዎ ኣይመስለንን ኣሎ” እናበለ ዝነበሮ ሕሉፍ ናይ ምዕባይ ጽምኣቱ የቃልሕ ነበረ። ብመጠን ዝተመጣጠሮ ከኣ ጐይታ ሓለፋ ጽምኣቱን ፍቓዱን ኣዕዚዙ ከምዘዕበዮ ካብ ታሪኽ ህይወቱ ክንመሃር ንኽእል (ፊሊ 3፡10-14)።

## 5. ንዝተዋህበካ ራእይ ተጨባጢ ምግባር

ሓደ ሰብ ብራእይ ክዓቢ ዝኽእል ነቲ ድሮ ዝተዋህቦ ራእይ ኣብ ክውንነት ዝተመርኮሰ ተጨባጢ ክገብሮ ምስዝኽእል ጥራይ እዩ። ካብቲ ሓደ ኣብ ግምት ክኣቱ ዝግብኦ ከኣ ባህልን ወግዕን ኣተሓሳስባን ናይቲ ሕብረተሰብ እዩ። ነዚ ጉዳይ እዚ ሽለል ዝበለ በዓል ራእይ፡ ብራእይ ገይሩ ንህዝቡ ከገልግል ዘይክእል ልሙስ እዩ ዝኸውን። ስለዚ ኣብ ሃገራት ምዕራብን ኣብ ሃገርናን ወንጌል እንዝርግሓሉ፡ ነቲ ዝተቐበልናዮ ራእይ ተጨባጢ እንገብረሉ መገዲ ኣዝዩ ይፈላለ እዩ። እቲ ህዝቢ እውን ሓደ ነገር ሒዝናሉ ክንመጽእ ከሎና ብመንጽር እቲ ዝበቕለሉን ዝዓበየሉን ባህልን ወግዕን እዩ ዝግምግመና። ስለዚ ነቲ ራእይና ነቲ ወንጌልን እኳ ክንቅይሮ እንተዘይከኣልና፡ ኣቀራርባናን፡ ነቲ ራእይና ኣብ ኣእምሮ ናይቲ ህዝቢ ክጭበጥን ክቕረጽን ዝኽእለሉ ኣገባብን ግን ለውጢ ክንገብረሉ ከምዝግባእ ክንእመን ኣሎና። ጐይታ ንኣይሁዳውያን ከም ኣይሁድ ኮይኑ እንተዘይቀርቦም ንወንጌል ኣብ ምድሪ ሰሪትዋን ወሊዕዋን ክኸይድ ኣይምኸኣለን። ጳውሎስ'ውን ነቶም ትሕቲ ሕጊ ዘለዉ ትሕቲ ሕጊ እናኾነ፡ ተጨባጢ ክገብሮ እንተዘይክእል፡ ነህዛብ ኮነ ንኣይሁድ ብወንጌል ክበጽሖ ዘይክእል ከምዝነበረ ባዕሉ መስኪርዎ እዩ (1ቈረ 9፡19-23)። ስለዚ ነቲ መንፈሳዊ ኮነ ስጋዊ ባህልን ስነ-ምግባርን ናይቲ ህዝቢ ቅድሚ ራእይና ንምትግባር ምልዓልና ክነጽንዖን ናትና ክንገብሮን ይግብኣና። እዚ ድማ ራእይና ንኽዓብን ንኽሰፍሕን ኣዝዩ ክረድኣና እዩ።

## 6. ንዝተዋህበካ ራእይ ምምርማር

ካብቲ ራእይ ምስተቐበልና ክንገብሮ ዝግብኣና ሓደ ነገር ነቲ ዝተዋህበና ራእይ ምምርማር እዩ። እግዚኣብሄር ንዝተዋህበና ራእይ ክይመርመርናን ክይፈተንናን ሃንደፍ ኢልና እንኽቕበል ሰባት ምስ እንኾውን፡ ብራእይ ንኽዕብየና ምእማን የሸግሮ እዩ። ምኽንያቱ ካብኡ ዘይኮነ ራእይ ምስ እንቕበል ኣብ ሓደጋ ክንኣቱ እንኽእል ሰባት ምዃንና ስለዘስተውዓለ እዩ። ንዳኒኤል ራእይ ምስ ሃቦ ንዝረኣኻዮ ራእይ መርምሮ ኢሉ ዘጠንቀቐሉ ምኽንያት ከኣ ንሱ እዩ (ዳን 7፡19)። ዝረኣናዮ ራእይ ንጹር ክይኮነልና ክሎ ክንዓዪ እንተፈቲንና ውጽኢቱውን ከምኡ ዘይንጹር ክምዝኾውን ግሁድ እዩ። ጐይታ ነቲ ዝፈወሶ ዓይነስዉር ሓንሳእ ምስተንከዮ "ትርኢዶ ኣሎኻ፧" ኢሉ ሓተቶ። እቲ ዓይነ ስዉር መስተውዓሊ ስለዝነበረ "እወ እርኢ ኣለኹ፡ እንተኾነ እቶም ሰባት ከምኦም መሲሎም ይረኣዩኒ ኣለዉ" ኢሉ መለሰ። ጐይታ ድማ ከምዚ ዓይነት ኣረኣእያ ስለዘይፈቱ ዳግማይ ተንክዩ ፍጹም ጥዕና ሂቡ፡ ሰብ ከም ሰብ፡ ኦም ከኣ ከም ኦም ከም ዝረኣዮ ገበረ (ማር 8፡22-26)። ስለዚ ንሕና'ውን ከምዚ ዓይነስዉር ዘይነጸረልና ራእይ እንተልዩ መርሚርና ዳግማይ ረድኤት ከምዘድልየና ክነስተውዕል ይግባእ።

## 7. ናይ ዝተዋህበካ ራእይ ጊዜ ምሕላው

ኣቐዲምና ከምዝገለጽናዮ ንራእይ ጊዜ ኣለዎ። ሓደ ራእይ ኣብ ኣእምሮና ተጸኒሱ ዓብዩ በሲሉ ተወሊዱ ዝትግበረሉ ጊዜ ጽቡቕ ጌርና ክንፈልጦ ይግባእ። ንራእይካ ቅድሚ ጊዜኡ ክትትግብሮ ምጉያይ ማለት ትሽዓተ ወርሒ ዘይመልአ ዕሽል ንኽውለድ ከም ምህንጣይ እዩ። ብኣንጻሩ ከኣ ራእይካ ዝትግበረሉ ጊዜ በጺሑ ክነሱ ክይተግበርካዮ ስቕ ምባል ከኣ ነቲ ተወሊዱ ብተግባር ክሕቆፍ ዝነበሮ ዕሽል ኣብ ማህጸን ዓቢጥካ ከም ምቕታል እዩ። ክልቲኡ ነቲ ህጻን ከም ዝቐትሎ ምስትውዓል ይግባእ። ንራእይና ቅድሚ ጊዜኡ ኮነ ድሕሪ ጊዜኡ ምትግባር ምፍታን ንራእይካ ብገዛእ ኢድካ ከም ምቕታል እዩ። ንኣንባቆም እቲ ራእይ ዝፍጸመሉ ጊዜ ቀሪቡ ከምዘሎን ከምዘይድንጉን፡ እንተደንጎየ እኳ ክጽበ ከምዝግብኦ ተነጊርዎ (ኣንባ 2፡2-3)። ብኣንጻሩ ከኣ ነቶም ቤቶም ምእንቲ ክሃንጹ ቤት ኣምላኽ እትህነጸሉ ጊዜ ገና

ኣይበጽሐን ይብሉ ንዝነበሩ ሰባት ከኣ ጐይታ ብነብዩ ሃጌ ገይሩ "ብልብኹም መገድኹም ሕሰቡ" ዝብል ስምዕታ ምሃቡ ከኣ ቀሊል ኣይነበረን (ሃጌ 1፡2-4)። ስለዚ ከም ደቂ ይሳኮር ዝበሉ እስራኤል ክገብሮ ዝግባእ ንምንጋር ዘመን/ጊዜ ዝፈልጡ ጥበበኞታት ክወሃቡና ክንጽሊ ከምዝግብኣና ነስተውዕል (1ዜና 12፡32)።

## ዓይነት ኣገልገልቲ ብመንጽር ዘለዎም ዓይነት ራእይ

ከምቲ ኣቐዲምና ዝረኣናዮ፡ ንሓደ ክርስቲያን ከም ክርስቲያን ዘምዝኖ ዓብይ ነጥቢ፡ ራእይ ዘለዎ ምዃኑ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ዕቤትን ምውህሃድን ናይቲ ራእይ ከምኡ'ውን ንሱን እቲ ዝግልገል ዘሎ ህዝብን ምስቲ ራእይ ዘለዎም ዝምድናን ከምኡ'ውን ካልኦት ነጥብታት እዮም። ስለዚ ሰባት ብመንጽር እቲ ዘለዎም ራእይ ኣብ ሸውዓተ ዓይነት ከፊልና ክንርእዮም ኢና። እዚ ኣገላልጻ እዚ ንርእስና ብዝበለጸ ንኽንርድኦ ንኽንፈልጣ ተባሂሉ ደኣ እምበር ንህይወት ናይ ካልኦት ሰባት ንኽንመዝኑ ኣይኮነን።

### 1. ብራእይ ዘይዓቢ ኣገልጋሊ

ከምዚ ዝዓይነቱ ኣገልጋሊ፡ ብዛዕባ ስራሕ እግዚኣብሄር ኮነ ንዝህቢ እግዚኣብሄር ከብጽሖም ዝግብኦ ቦታ ግሉጽ ዝኾነ ሓሳብ ወይ ከኣ ርድኢት ዘይብሉ ሰብ እዩ። ከምዚ ዝዓይነቱ ኣገልጋሊ ንህዝቡ ዝመርሖን ዘንብሮን በቲ ናይ ትማሊ ልምምዱን ድርቋን እዩ። ብዛዕባ ኣገልግሎት ክሕተት ከሎ ብዛዕባ ናይ ሎሚ ስርሑ ወይ'ውን ብዛዕባ ናይ ጽባሕ መደቡ ዘይኮነስ ብዛዕባ ትማሊ ዝገበሮ ስራሕ እዩ ዝዛረብ። መብዛሕትኡ ጊዜ "ትማሊ ከምዚ ገይረ ስለዝነበርኩ ሎሚ'ውን ከምኡ ክንገብር ኢና" እዩ ዝብል። ስለዚ ናቱ መሪሕነት ናብ ከንኣን ዘሳግር ዘይኮነስ ኣብ ምድረበዳ ኮለል ዘብል እዩ። ናብ ድሕሪት እናረኣየ ናይ ማራቶን ጉያ ዝተዓወተ የለን።

### 2. ሕውስውስ ዝበለ ወይ ዘይተጻረየ ራእይ ዘለዎ ኣገልጋሊ

ከምዚ ዝዓይነቱ ኣገልጋሊ ራእዩ ግሉጽ ኣይኮነን። ነቲ ህዝቢ ናበይን ብኸመይን ከምዝመርሖ ኣነጺሩ ኣይፈልጥን እዩ። ዝበዝሕ ነገሩ ሕውስውስ ወይ ድብዝብዝ ዝበለ እዩ፡ ቅርጺ ዘለዎ ራእይን ዕላማን የብሉን። ንኣብነት ዝኣክል ነቲ ህዝቢ "ንእግዚኣብሄር ከተገልግሉ ይግብኣኩም" ይብሎም፡ እንተኾነ ከመይ ገይሮም ከምዘገልግልዎ ክርእዮም ኣይክእልን እዩ። "ንእግዚኣብሄር ከተፍቅርዎ ይግብኣኩም"

ይብሎም፡ እንተኾነ ፍቕሮም ከመይ ገይሮም ክገልጹ ከምዝኽእሉ ግን ክርእዮም ኣይክእልን እዩ። ስለዚ ኣዘራርብኡ ኵሉ ጊዜ ሓፈሻዊ እዩ። ክገብሮ ዝደለየ ነገር ኣለዎ፡ እንተኾነ ንእኡ እኳ ግልጺ ዘይኮነሉ ነገር እዩ (ማር 8:22-28)። ነቲ ጕዶታ ክልተ ጊዜ ተንኪፉ ኣዒንቱ ዝኸፈተሉ ሰብኣይ ይመስል፡ "ሰባት ከም ኣእዋም" እርኢ ኣለኹ ኢሉ። ነቲ መንፈሳዊ ምስቲ ስጋዊ ዘደባልቕ ሰብ እዩ። ነየናይ ካበየናይ ክፈሊ ከምዘለዎ ኣብ ምፍላጥ ይሸገር እዩ። ንኻልኣይ ጊዜ ብጕዶታ ክትንከፍ የድልዮ እዩ።

## 3. ዝተበታተነ ወይ ዘይተተሓሓዘ ራእይ ዘለዎ ኣገልጋሊ

ናይ ከምዚ ዝዓይነቱ ኣገልጋሊ ራእይ፡ ብንፉስ ከም ዝተበተነ ወረቐት ፋሕ ዝበለ እዩ። ራእይ ኣለዎ እንተኾነ ተለዋዋጢ እዩ። እቲ ክኸውን ዘለዎ ወይ'ውን ነቲ ክገብሮ ዝግብኦ ብግልጺ ይፈልጥ እዩ። እቲ ቀንዲ ሽግሩ ግን ነቲ ዝወጠኖ ክፍጸም ኣይክእልን እዩ። ብዙሕ ነገር ይጅምር እንተኾነ ኣብ መፈጸምታ ከብጽሕ ኣይክእልን እዩ። ካብቲ ጸገሙ ሓደ ቀልጢፉ ዝሰልችዎ ሰብ ምኳኑን፡ ገዛእ ርእሱ ዝገዝኣሉ ጸጋ ምስኣኑን እዩ። ንኣብነት ጽቡቕ ገይሩ ናይ ወንጌል ምዝርጋሕ ኣገልግሎት ዝገብር ሰብ ወይ መንፈሳዊ ትካል እንተርእዩ፡ ከምኡ ምግባር ይጅምር። ኣጸቢቑ ከይሓሰበሉ ስለዝጅምሮ፡ ጽባሕ ንግሆ ንእኡ ደርብዩ ካልእ ነገር ይጅምር። ብጣዕሚ ክሓስብ ዝኽእል ኣእምሮ ኣለዎ፡ እንተኾነ ንሓንቲ ነገር እኳ ብህድኣትን ብምስትውዓልን ሒዙ ክንዓዝ ኣይክእልን እዩ። ኣብ ሓደ ጊዜ ብዙሕ ነገር ክገብር ስለዝፍትን ንሓደ እኳ ብግቡእ ሰሪሑ ከይወድአ ጀሚሩ ይገድፎ። ራእዩ ዝተበተነ፡ ቅደም-ተኸተል ዘይብሉ ብዙሕ ጊዜ ኣብ ውጥን ዝተርፍ ይኸውን።

## 4. ዘይተወደበ ራእይ ዘለዎ ኣገልጋሊ

ከምዚ ዝዓይነቱ ኣገልጋሊ ግልጺ ራእይ ኣለዎ። ንዝጀመሮ ራእይ ኣብ ፍጻሜ ከብጽሕ ይኽእል እዩ። ሽግሩ ንነገራት ቅደም-ተኸተል ክትሕዞም ዘይክእል ምኳኑ እዩ። ራእዩን ስርሑን ቅደም-ተኸተል የብሎምን ናይ ሓደ ስራሕ ውጥን ነቲ ሓደ

ስራሕ ብኸመይ ከምዝጸልዎ (ከምዝጠቕሞ ወይ ከምዝጎድኦ) ብግልጺ ኣይርእን ወይ ኣየስተውዕልን እዩ። ስለዚ ነቲ ዘፍረሶ ኣብ ምዕራይ ዝበዝሕ ጊዜኡ የጥፍእ። ንሓደ ነገር ካብ መሰረቱ ክጅምሮ ዝግባእ ካብ ጫፍ ይጅምሮ እሞ እቲ ዝሰርሖ ኵሉ ይፈርሶ። ንነገራት ኮፍ ኢሉ ናይ ምውዳብ ውህበት የብሉን። ንጊዜኡን ጉልበቱን ኣብ ቅድሚኡ ንዝተገተረ ነገር ኣብ ምስራሕ ጥራሕ ስለዝሕልፎ ኣብ ሸቶኡ ክበጽሕ ኣይክእልን እዩ። ኵሉ ጊዜ ሃለኽለኽ ምስበለ እዩ። ብትግሃት ይሰርሕ፡ እንተኾነ ስርሑ ክምዘን ከሎ ውጽኢቱ ኣዝዩ ንእሽቶ እዩ። ኵሉ ጊዜ ምስ ኆየየ እዩ። ሓንሳብ ደው ኢሉ ነቲ ስርሑ ቅደም-ተኸተል ከትሕዞ ስለዘይኮነሉ፡ ብብዝሒ ጉያ ንዕላምኡ ኣብ መፈጸምታ ከብጽሕ ስለዝደሊ፡ ናይ ድኻምን ናይ ሃልክን ናብራ እዩ ዝነብር። ሓደ ነገር ንምግባር ወሲኑ ንግሆ ተንሲኡ ከብቅዕ፡ ኣብኡ ከይበጽሐ ይመስዮ። ካብ ምህላኹ (ምብኻኑ) ዝተላዕለ ዝኣተዎ ቃል ስለዘይፍጽም ብዙሓት ሰባት ብፍላይ ናይ ቀረባ ፈተውቱን ቤተሰቡን ብእኡ ይጉህዩ።

## 5. ውሱን ራእይ ሒዙ ዝሰርሕ ኣገልጋሊ

እቶም ኣቐዲምና ዝጠቐስናዮም ኣርባዕቲኦም ሽግራት ናይ ከምዚ ዝዓይነቱ ኣገልጋሊ ድኻም ኣይኮኑን። ግልጺ ዝኾነ ራእይ ኣለዎ። ንነገራት ከከም ኣድላይነቶም ቅደም-ተኸተል ከትሕዝ ይኽእል እዩ። ናይዚ ሰብ ሽግር ካብቲ ዝለመዶ ከባቢ (ክልል) ውጽእ ምባል ኣይኮነሉን እዩ። ከምቶም ሙሴ ዝለኣኾም ዓሰርተ ሰለይቲ እዩ (ዘሁ 13)። ናብ ሓድሽ ተስፋ ንርእሱ ክኣቱ ነቲ ህዝቢ'ውን ናብኡ ክመርሕ ኣይክእልን እዩ። ሓደ ሓድሽ ሓሳብ ክመጽእ ከሎ ብእምነት ንእግዚኣብሄር ኣብ ክንዲ ዝርኢ፡ ትማሊ ዝገበሮ ብምሕሳብ ብዙሕ ጊዜ "ንሕና ከምዚ ጌርና ኣይንፈልጥን ኢና" ምባል ይቐሎ። ንእግዚኣብሄር በቲ ናቱን ናይ ቤተ ክርስቲያኑን ልምምድ ይውስኖ (ይድርቶ)። ስለዚ ነቲ ህዝቢ ዝበዝሕ ጊዜ ኣብቲ ኣርብዓ ዓመት ዝነበረሉ ምድረበዳ እዩ ዝመርሖ። ናብ ከንኣን ንምስጋር እግሩ ኣልዒሉ ናብ ሩባ ዮርዳኖስ ምእታው ካብቲ ልምዱ ወጻኢ ስለዝኾኖ ኣይደፍርን እዩ። ራእይ እኳ እንተሃለዎ እምነትን ተስፋን ግን የብሉን። ካብተን

ሰለስተ ናይ ኣገልግሎት መሰረት (እምነትን ተስፋን ፍቕርን) እምነትን ተስፋን ስለዘይብሉ ኣገልግሎቱ ጎደሎ እዩ።

## 6. ውልቃዊ ራእይ ዘለዎ ኣገልጋሊ

እዚ ኣገልጋሊ እዚ ብዘይካ ፍቕሪ ኵሉ ነገር ኣለዎ። እግዚኣብሄር ዝሃቦ ኵሉ ውህበት ንናይ ቤተ ክርስቲያን ዕቤት ምኳኑ ስለዝዝንግዕ፡ ነቲ ውህበት ናይ ውልቂ ንብረቱ ይገብሮ። ካብዚ ዝተላዕለ ንህዝቢ እግዚኣብሄር ኣብ ራእዩ ኣይሓቁፍን/ ኣየጠቓልልን እዩ። ንሱ ባዕሉ ገባርን ሓዳግን ይኸውን። ዝበዝሕ ጊዜኡ ዶብ ናይ ኣገልግሎቱ ኣብ ምሕላው ወይ ምኽልካል እዩ ዘጥፍእ። ናይ ገዛእ ርእሱ ወይ ናይ ቤተ ክርስቲያኑ ዶብ ምኽባር ካብ ናይ እግዚኣብሄር ስራሕ ንላዕሊ በሊጹ ይረኣዮ። ትሕትና ስለ ዝጎደሎ ንራእዩ ኣብ ስራሕ ዘውዕሎ ብፍቕሪ ዘይኮነስ ብድፍኢት እዩ። “ኣነ ካብ መን እንእስ” ዝብል ስምዒት የጥቅዮ እዩ። ብመንጽር ራእይ ክምዘን ከሎ፡ እምነትን ተስፋን ኣንነትን ኣለዎ፡ ናይ ፍቕሪ ፍረታት ግን ይጎድልዎ እዩም።

## 7. ዝተወደበ (ዝተወሃሃደ) ራእይ ዘለዎ ኣገልጋሊ

እዚ ዝዓይነቱ ኣገልጋሊ ግልጺ ራእይ ኣለዎ። ንራእዩ ብቕደም-ተኸተል ኣብ ስራሕ ከውዕል ይኽእል። ውህበቱ ዝፈልጥ እኳ እንተኾነ ንህይወቱ ዝገዝእ መንፈስ ቅዱስ እዩ እሞ፡ ብውህበቱ ክግልገል ኣይፍትንን እዩ። ንኻልኦት ግን የገልግለሉ እዩ። ዕለት ንዕለት ዝኸብዶ ናይ ገዛእ ርእሱ ጉዳይ ዘይኮነስ ናይ ቤተ ክርስቲያን ጉዳይ እዩ (2ቈረ 11፡28)። ናይ ኣገልግሎቱ ሸቶ ንጐይታ ምሕጓስን ንህዝቡ ምህናጽን እዩ። ከምዚ ዝዓይነቱ ኣገልጋሊ ንጐይትኡ የኽብር፡ ብኣገልግሎቱን ብኣርኣያኡን ከኣ ንልቢ ቅዱሳን ዘዕርፍ እዩ።

## ምልክት ናይ በዓል ራእይ

ሓደ ሰብ በዓል ራእይ ከምዝኾነ ንርእሱ ኮነ ካልኦት ክፈልጡሉ ዝኽእሉ ሓበርቲ ምልክታት ክህልዉ ናይ ግድን እዩ። ጐይታ ደቀ ምዛሙርቱ ምዃንና እንፍለጠሉ ምልክት በቲ ኣብ ንሓድሕድና ዝህልወና ፍቕሪ ምዃኑ ገሊጹልና (ዮሃ 15፡35)። ንይስሃቕ እግዚኣብሄር ምስኡ ከምዘሎ በቲ ዘርእዮ ዝነበረ ዕዙዝ ትዕግስቲ ፈሊጦም (ዘፍ 26፡19-29)። ስለዚ ሓደ በዓል ራእይ ከም በዓል ራእይ ንርእሱ ከለሊ ሰባትውን ከለልይዎ ኣድላዪ እዩ። ካብቶም ክህልውዎ ዝኽእሉ ምልክታት ነተን ሰለስተ ክንጠቕሰን ኢና።

### 1. ነቲ ዝተላእከሉ ራእይ ብቑዕ ምዃን

ብቕዓት ኣብ ዝኾነ ይኹን ቦታ ኣዝዩ ወሳኒ ረቛሒ እዩ። ብዘይ ብቕዓት ብቑዕ ስራሕን ውጽኢትን ከነምጽእ ኣይከኣልን እዩ። ኣሸንኳይ ንራእይ ዝኣክል ሰማያዊ ነገር ንምድራዊ ሞያ እኳ ብብቕዓትና ከምእንምዘን ዝስሕቶ ሰብ የለን። ስለዚ ሓደ ሰብ ራእይ ከምዘለዎ ክንመዝኖ እንኽእል በቲ ራእዩ ንምትግባር ዘለዎ ብቕዓት እዩ።

መብዛሕትኡ ካብቲ ንሓደ በዓል ራእይ ብቑዕ ዝገብርዎ ነጥብታት ኣብ ዝሓለፉ ኣርእስትታት ጠቒስናዮም ኢና። እቲ ናይ ኣገልግሎት መሰረት ዝኾነ እምነትን ተስፋን ፍቕርን ዘይብሉ ሰብ ብመሰረቱ በዓል ራእይ ክኸውን ኣይክእልን እዩ። ዕላማ ናይ ዝተቐበሎ ራእይ ዘይፈልጥ፡ ንራእዩ እሙን ዘይኮነ፡ ንዝተቐበሎ ራእይ ግብራውን ተጨባጥን ክገብር ዘይክእል ሰብ ብቑዕ ክኸውን ኣይክእልን እዩ። ጊዜን ቅደም-ተኸተልን ናይ ራእዩ ክሕሉ ዘይክእል ንራእዩ ክውድብን ክወሃህድን ዘይክእል ሰብ ብቕዓት ዘይብሉ ሰብ እዩ። በዓል ራእይ ብቑዕ ንኽስመ ብትግሃትን ብጽንዓትን ብስነ-ስርዓትን ንራእዩ ናብ ካልኦት ኣመሓላሊፉ ቀጻልነት ዘውሕስ ሰብ ክኸውን ይግባእ። ከም ኢያሱ ኣብ ከንኣን ኣብጺሕካ ከተብቅዕ ብዘይ ተካኢ በዓል ራእይ ነቲ ህዝቢ ኣደዳ መሳፍንቲ ጌርካ ምሕዳግ ከቢድ ጌጋ እዩ።

## 2. ነቲ ዝተላእከሉ ራእይ ዘለዎ ተወፋይነት

ኵሉ እቲ ናይ ብቕዓት ረቛሒታት ኣማሊእካ ከተብቅዕ ብትግሃት እንተዘይዓዪኻሉ ትርጉም የብሉን። እቲ ራእይ ባዕሉ ክትግበር ኣይክእልን እዩ። ስለዚ ብዘይ ተወፋይነት ዝሓዝካዮ ዝተማልአ ራእይ፡ ኣብ መንደቕ ከም ዝተሰቕለ ጽቡቕ ስእሊ እዩ። ከም ናይ ነህምያ ርእሰኻ ኣዋሪድካ መዓልትን ለይትን ክትውፈየሉ እንተዘይክኢልካ ንበዓል ሳንባላጥ ንራእይካ ንኽፍርስዎ ዓብይ ኣፍደገ ምፍቓድ እዩ። ቃል እግዚኣብሄር "ብትግሃት ዘበለ ተጋደሉ" ኢሉ እዩ ዝምዕደና። ከም እኒ ጳውሎስ ብባሕርን ብምድርን ብቐትርን ብለይትን ብቓልን ብጸሎትን ብተወፋይነት እንተ ዘይተቓሊስካ ሰይጣን ንኽብለጸልካ ጽቡቕ ዕድል ኢኻ እትህቦ (2ቈረ 11፡23-31)።

ከምቲ ሃካይ ክፉእ ባርያ እቲ ጊዜ ገና እዩ ኢልና ብልግሚ እንሕዞ እንተ'ኴንና፡ ጐይታ ምስተገልጸ ክንሓፍር ኢና (ማቴ 24፡48-51)። ከምቲ ንጢሞቴዎስ ብጊዜኡን ብዘይ ጊዜኡን ራእዩ ክትግብር ዝተመ'ኸረ ንዓና'ውን ከምኡ እዩ። ስለዚ ንትግሃትን ተወፋይነትን ክንለብሰን ይግብኣና (2ጢሞ 4፡1-3)።

## 3. ሓቢሩ ዝሰርሕ (ዝትክእ) ሰብ ናይ ምፍራይ ዓቕሚ (ክእለት)

እዚ ጉዳይ ብመብዛሕትኦም ሰብ ራእይ ዝዝንጋዕ ነገር እዩ። በቲ ዘለዎም እዋናዊ ዕዮ ልቦም ስለዝወሓጥ ጽባሕ ንግሆ ተኪኡ ነቲ ራእይ ዘካይድ ሰብ ንምፍራይ ሎሚ ክሓስቡ ኣይክእሉን እዮም። እንተ'ኾነ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስና በዚ ባህርዮም እዚ ዝድነቑ ኣርኣያ ዝ'ኾኑና ቅዱሳን ኣለዉ። ከም ኣብነት ከኣ ንሙሴን ኤልያስን ጳውሎስን ክንወስዶም ን'ኽእል። ሙሴ ኣብ ዘመን ህይወቱ ዝገበሮ ነገር ብምሉኡ ኣብ ቅድሚ ኢያሱ ይገብሮ ስለዝነበረ፡ ሙሴ ክመውት ከሎ ኢያሱ ነቲ ናይ ሙሴ ራእይ ክ'ቕጽሎ ከሎ ተራእዩ። ከምኡውን ኤልያስ ብሰረገላ ሓዊ ክንጠ'ቕ ከሎ ባርኖሱ ኣልዒሉ ዝተረፈ ዕማም ናይ ኤልያስ ዝተክአ ኤልሳእ እዩ። ጳውሎስ'ውን ከም እኒ ጢሞቴዎስ ከፍሪ እንተ ዘይክእል እቲ ኣብ መላእ ኤስያ ዝዘርግሖ ወንጌል ናብ ፍረ ኣይምበ'ቕዐን ነይሩ።

ብመንጽሩ  ከኣ ዝትክኦም ሰብ ከፍርዩ ዘይከኣሉ ከም እኒ እያሱ ዝበሉ ሰባት'ውን ክንመሃረሎም ኣድላዪ እዩ። ብፍላይ ኢያሱ ነዛ ባህርይ እዚኣ ካብ ሙሴ ትምህርቲ ዝወሰደላ ኣይመስልን። ስለዚ ድማ ነቲ ዝተዋህቦ ራእይ ኣብ መፈጸምታ (ከንኣን) ኣብጺሑ ከብቅዕ፡ ኣብ ከንኣን ንህዝቢ እስራኤል ዝመርሕ ሰብ ስለዘየፍረየ እታ መንግስቲ ኣብ ኢድ ብዙሓት ንእግዚኣብሄር ዘይፈርሁ ሰባት ተኸፋፊላ ተረፈት። ናይዚ መከራ እዚ ተሓታቲ ከኣ ኢያሱ ጥራይ እዩ ዝኸውን።

## በዓል ራእይ ዘርእዮ ለውጢ

ሓደ በዓል ራእይ ስሙር ዝኾነ ጉዕዞ ክሕልፍ እንተኾይኑ ንለውጢ ዝተዳለወን ብለውጢ ሓሊፉ ዝኽእልን ክኸውን የድልዮ። ብዙሕ ጊዜ ናትና እንብሎ ነገር ገዲፍና፡ ለውጢ ክንገብር ኣይወሓጠልናን እዩ። ዡነታትን ነገራትን ንዓና ከም ዝምችእ ኮይኑ ክልወጠልና ደኣ እምበር ንሕና ንእኡ ከምእንጥዕም ኴንና ክንልወጥ ኣይንደልን ኢና። ግን ለውጢ ንምግባር ፍቓደኛታት እንተዘይኴንና፡ ውጽኢት ወይ ከኣ ፍረ ንምርካብ ክንብህግ የብልናን። ክርስቶስ ንዓለም (ክምስጣን) ክልውጣን ዝኸኣለ ኣብ ህይወቱ ምእንቲ ድሕነት ሰባት ኣብ ዡለንተናኡ ለውጢ ክገብር ስለዝፈቐደ ጥራይ እዩ። ኣብ ሰማያት ዝነበረ ናብርኡ ገዲፉ ኣብ ምድሪ ንምንባር ወረደ። ብመልክዕ ኣምላኽ ዝነብር ዝነበረ ብመልክዕ ባርያ ክነብር ፈተወ። እዚ ድማ ነቶም ካብ ሓጥኣን ናብ ጻድቃን ካብ ሙታን ናብ ህያዋን ክልወጡ ዘይከኣሉ ዓብይ ናይ ለውጢ ኣፍደገ ከፈተሎም። ስለዚ ንሕና'ውን እንተኾንና ንለውጢ ፍቓደኛታት እንተዘይኴንና ነቲ እነገልግሎ ህዝቢ እነስዕበሉ ዝኾነ ይኹን ለውጢ የለን። እምበኣር ኣስዒብና ሓደ በዓል ራእይ ኣብ ህይወቱ ክርእዮም ዝግባእ ለውጥታት ንርአ።

### 1. ለውጢ ናይ ባህርይ

ካብቲ ክነርእዮ ዝግብኣና ለውጢ ሓደ ናይ ባህርይ ለውጢ እዩ። ነቲ እነገልግሎ ዘሎና ራእይ ዝጥዕም ናይ ባህርይ ምትዕርራይ ክንገብር የድልየና እዩ። ሙሴ ኣብ ቤት ፈርዖን እናተቐመጠ ከሎ፡ ንዅሉ ነገር ብጉልበቱን ብምስትውዓሉን ብጥበቡን ዝገብሮ ንዅሉ ነገር ክዳኒ ብቑዕ ዝኾነ ሰብ ይመስሎ ነበረ። እግዚኣብሄር ግን ንሓደ ዓብይ ራእይ ከዳልዎ ስለዝደለየ ብጥበቡ ገይሩ ካብ ኣብ ቤተ መንግስቲ ዝነብር መኮንን ናብ ደድሕሪ ኣባጊዕ ዝኸይድ ኣብ በረኻ ዝነብር ተራ ጓሳ ቀየሮ። ኣብቲ በረኻ ተሓስዩ ምስ ለስለሰን ናይ ባህርይ ለውጢ ምስገበረን ከኣ ናብ ግብጺ መሊሱ መራሒ ናይ ህዝቢ እስራኤል ገበሮ። ኣንነቱ ኣጥፊኡ ኣይበቅዕን እየ ዝብለሉ ባህርይ ክሳዕ ዝለብስ ንኣርብዓ ዓመታት ዝኣክል ኣብ በረኻ ከም ዝቐረጸ ከነስተውዕል ንኽእል (ዘጸ 2፡11፣ ዘጸ 4፡20፣ ግብ 7፡22,36)።

ከምኡ'ውን እቲ ንህዝቢ እስራኤል ንጉስ ዝኸውን ሳኦል ክምረጽ ከሎ ነቲ ንእግዚኣብሄር ኮነ ንህዝቢ እስራኤል ዘይምችእ ባህርዩን ልቡን እግዚኣብሄር ከምዝለወጠሉ ንርኢ። ምስቲ ዝነበሮ ባህርይ ንእግዚኣብሄር ከስምር ነቲ ህዝቢ ከዕርፍ ዝኽእል ኣይነበረን። ስለዚ ከኣ እዩ እግዚኣብሄር ንሳኦል ክጥቀመሉ ምስ ደለየ "ለውጢ" ብምግባር ዝጀመረ (1ሳሙ 10፡6-7)።

ሃዋርያ ጴጥሮስ'ውን ካብ ናይ ጉብዝና ባህርይ ናብ ናይ እርጋን ባህርይ ምስተለወጠ ብዙሕ ከምዝጥቀመሉ ጐይታ ነገሮ። ንኣባጊዑ ኮነ ንዕያውቱ ከብልዓሉን ክሕልወሉን ምስ ደለየ ለውጢ ክገብር ከምዘድልዮ ገለጸሉ። እቲ ባዕሉ ተዓጢቑ ናብ ዝደለዮ ዝኸደሉ ባህርይ ተለዊጡ ኣእዳዉ ኣልዒሉ ካልእ ዘዕጥቖ ናብ ዘይደለዮ እኳ ዝውሰዱሉ ባህርይ ክለብስ የድልዮ ነበረ። እዚ ማለት ብዕድሚኡ ክኣርግ ማለት ዘይኮነስ፡ እቲ ናይ ጉብዝና ባህርይ ደርብዩ እቲ ናይ እርጋን ባህርዩ ክለብስ ከም ዘድልዮ ንምግላጽ እዩ። እዚ ድማ ድሕሪ ሒደት መዓልታት እዩ ተፈጺሙ (ዮሃ 21፡15-19)።

## 2. ለውጢ ናይ ቛንቛ

እቲ ቛንቛ እንብሎ ዘሎና ትግርኛ ክትዛረብ ጸኒሕካ እንግሊዝኛ ማለት ዘይኮነስ፡ ናይ ኣዘራርባ ለውጢ ምግባር ማለት እዩ። ኣብ ማእከል ኣህዛብ ኴንና እንዛረቦ ቛንቛን ኣብ መንጎ ኣይሁድ እንዛረቦ ቛንቛን ሓደ ክኸውን ኣይክእልን እዩ። ጳውሎስ ኣብ መንጎ እቶም ሕጊ ዘይብሎም ግሪኻውያን ወንጌል ንምግላጽ ዝተጠቐመሉ ቛንቛ ምስቲ ነቶም ትሕቲ ሕጊ ዘለዉ ኣይሁድ ዝተጠቐመሉ ቛንቛ ሓደ ከምዘይኮነ ሃዋርያ ጳውሎስ ባዕሉ ተኣሚኑ እዩ። ጐይታ እኳ ንሳምራውያን ዝነበሮ ላዛ ቛንቛ ንኣይሁድ ተጠቒሙሉ ኣይንርእን። ስለዚ ናይቲ እነገልግሎ ህዝቢ ናይ ቛንቛ ላዛ ክንጥቀምን ናይ ቛንቛ ለውጢ ንምግባርን ፍቓደኛታት ክንከውን ይግባእ። ኣብ ዝተፈላለያ ኣብያተ ክርስቲያን ወንጌል ክርስቶስ ንምግላጽ ዝጥቀማሉ ኣገላልጻ (ኣዘራርባ ወይ ከኣ ቛንቛ) ዝተፈላለየ እዩ። ወንጌል ብዝኾነ ይኹን ቛንቛ ኣዘራርባ ክግለጽ ዝከኣል እዩ። ባህርይ ኣይድርቶን፡ ቛንቛ ኣይድርቶን

ባህሊ ኣይድርቶን እዩ። ወንጌል ንኽይዓዪ ዝድርቶ ወንጌል ነቲ ህዝቢ ብዘይ ቋንቋኡን ባህሉን ኣተሓሳስባኡን ከተቐርበሉ ምስ እትፍትን እዩ። ስለዚ ንስኻ ለውጢ ምእንቲ ከይትገብር ክትብል ዝፈጠርካዮ ጸገም እቲ ሰማዒ ወይ ድማ እቲ ወንጌል ዝፈጠሮ ጸገም ጌርካ ክትገልጽ ከቢድ ጌጋ እዩ። እቲ ዝነጽግ ዘሎ ሰብ ነቲ ወንጌል ዘይኮነስ፡ ነቲ ንወንጌል ኣጎልቢቡ ዘሎ ቛንቛኻ ወይ ኣዘራርባኻ እዩ ምቕባል ኣብዩ ዘሎ። ንስካ ልብኻ ኣትሒትካ ለውጢ ከይትገብር ክትብል፡ ሰባት ኣብ ህይወቶም ዓብይ ለውጢ ንኸይገብሩ ዕንቅፋት ምዃን ከቢድ ሓጢኣት እዩ።

## 3. ለውጢ ናይ ጸሎት

እቲ ዝዓበየ ናይ ራእይ ሰብ ነህምያ ራእይ/ጾር ምስተቐበለ ዘርኣዮ ቀዳማይን ዓብይን ለውጢ፡ ናይ ጸሎት ለውጢ እዩ። ዕንወት የሩሳሌም ዝፈጠረሉ ከቢድ ጓሂ ተሰኪሙ ብዛዕባ ሓጢኣቱን ሓጢኣት ህዝቡን ብመሪር ብኽያት ብንስሓ ጸለየ። እዚ ጸሎት እዚ ካብ ወርሒ ከስለው ክሳብ ወርሒ ኒሳን ንኣርባዕተ ኣዋርሕ ዝኣክል ቀጸለ። እዚ ጸሎት እዚ ድማ ኣብ ቅድሚ እቲ ዘይግዙር ንጉስን ኣብ ቅድሚ እቲ ተሪር ዝኸሳዱ ህዝብን ሞጎስ ንኽረክብ ረዲእዎ እዩ (ነህ 1፡1-11)። ናይ እግዚኣብሄር ስራሕ ዝኣክል እናሰራሕካ ምስ እግዚኣብሄር ብጸሎት ከይተዛረብካ ምንባር ከቢድ ጌጋ እዩ። ቅድሚ ንሰባት ብዛዕባ እግዚኣብሄር ምንጋርና ንእግዚኣብሄር ብዛዕባ እቶም ሰባት ብጸሎት ክንዛረቦ ይግብኣና። ጸሎት ዝተዓጽወ ደገ እንኽፍተሉ፡ ዝተኸፍተ እንዓጽወሉ፡ ዝጎደለ እንመልኣሉ፡ ንዝተጻወደልና ውዲት እነምክነሉ መሳርሒ እዩ። ኢድ ሙሴ ብጸሎት ናብ እግዚኣብሄር ምዝርጋሕ ምስ ሰኣነት ኣብ ታሕቲ እያሱ ከመይ ዝበለ ስዕረት ይሰዓር ከምዝነበረ ምርኣይ ግሁድ መርትዖ እዩ (ዘጸ 17፡8-13)። እቲ ባርያ ኢየሱስ ክርስቶስ ዝኾነ ኤጳፍራስ ሰብ ቈሎሴ ምሉኣትን ብኹሉ ፍቓድ ኣምላኽ ርዱኣትን ኮይኖም ደው ንኽብሉ ኵሉ ሳዕ ብጸሎት ክጋደለሎም ዝመረጸሉ ቀንዲ ምኽንያት ከኣ ሓይልን ጥቕምን ናይ ጸሎት ኣነጺሩ ስለዝፈለጠ እዩ (ቈሎ 4፡12-13)። ብራእይና ለውጢ ከነምጽእ እንተደሊና ኣቕዲምና ኣብ ጸሎትና ርኡይ ለውጢ ክንገብር ብግዲ ከምዝድልየና ነስተውዕል።

## 4. ለውጢ ናይ ኣገልግሎት

ካብዚ ኣብ ላዕሊ ዝረኣናዮ ለሰስተ ዓበይቲ ለውጥታት ተበጊስና ኣብ ኣገልግሎትና ርኡይ ለውጢ ከምዝስዕብ ዘየጠራጥር እዩ። ባህሪኻን ቋንቋኻን እንተ ተለዊጡ፡ በቲ ዝገበርካዮ ናይ ጸሎት ለውጢ ዝድለ ሓይልን ጸጋን እንተለቢስካ ሽዑ ኣብ ኣገልግሎትካ ዳርጋ ሰለስተ ርብዒ ለውጢ ጌርካ ኣሎኻ ማለት እዩ። ሃዋርያ ጳውሎስ ግዝረት ዋላ ሓንቲ ጥቕሚ ከምዘይብሉ ዝኣምንን ዝሰብኽን ሰብ እኳ እንተነበረ፡ ነቶም ኣይሁድ ምእንቲ ከይዕንቅፍ ነቲ ጽርኣዊ ጢሞቴዎስ ኣብ ጉብዝንኡ ገዘሮ (ግብ 16፡2-3)። ሃዋርያ ጳውሎስ ናይ ራእይ ሰብ ስለዝነበረ ኣብ ኣገልግሎቱ እዚ ዝዓይነቱ ለውጢ ክገብር ኣይተጸገመን። ራኢኻ ሸቶኡ ንኽወቅዕ ኣብ ኣገባብ ናይ ኣገልግሎትካ ለውጢ ንምግባር ድሉው ምዃን ኣዝዩ ጠቓሚ እዩ። እታ ሳምራዊት ንዝሓተተቶ ሕቶ ኣብ ኣገልግሎትካ ለውጢ ንኽይትገብር ክትብል ኣብዝን ብኽምዝን እዩ ዝስገድ ኢልካ ክልተ ዝላ ንኽትዘልል ክንዲ እተገድዳ ኣብቲ ዘላቶ ከረን ኮይና ከም ጕይታ ብሓቅን ብመንፈስን ንኽተምልኽ ክትረድኣ ይግብኣካ። ካብዚ ዒላ እዚ ኣይትስተዩ ኣብ ክንዲ ምባል ማያ እናሰተኻ ነቲ ዝሓሸ ማይ ምሕባር ዝበለጸ እዩ። ካብቲ ናታ ክትሰቲ ከይፈተኻ ማይካ ክትፈትወልካ ምሕታት ርትዓዊ ኣይኮነን። ካብ ነቲ ናታ ዒላ ኣቓሊልካ ካብቲ ዒላኻ ክትርሕቕ ምግባር፡ ነቲ ናታ ዒላ ዝኾዓተ ያእቆብ ምስቲ ናትካ ዓይኒ ማይ ዘለዎ ርክብ ገሊጽካ ከተተዓርቓ ይበልጽ። ካብ ንያእቆብ እተንእሶ ንክርስቶስ ልዕሊ እቲ ዓብይ ዝኾነ ያእቆብ እተዕብየሉ መገዲ ድለ።

## ምድላው ናይ በዓል ራእይ

እዞም ኵሎም ሓቅታት ካብ ፈለጥና ተሪፉ ዘሎ ነቲ ራእይ ንምትግባር ምድላው እዩ። ከይተዳለኻ ዝግበር ስራሕ መፈጸምታ የብሉን። ሓደ ነዳቓይ እምንን ሑጻን ስሚንቶን ካልእ ኣድላዪ ዝኾነ ንብረት ወይ ንእኡ ዝኸውን ገንዘብ ከየዳለወ ቤት ክሃንጽ ኣይለዓልን እዩ። ሓደ በዓል ራእይ'ውን ራእዩ ንምትግባር ክገብሮ ዘለዎ ምድላው ክህሉ ናይ ግድን እዩ።

### 1. ንራእይካ ቅርጺ ምትሓዝ

እዚ ማለት ንራእዩ ካብ ምንታይ ነቒሉ ብምንታይ ሓሊፉ ኣበይ ክበጽሕ መዲቡ ከምዘሎ ምንጻር እዩ። መሰረት - መገዲ - ሸቶ ዝዓይነቱ ቅርጺ እንተዘየትሒዝዎ ኣብ ኣሰራርሓኡ ጸገም ከምዘጓንፎ ግሁድ እዩ። ሓደ ህንጻ ንምህናጽ ክንሓስብ ከሎና ናይቲ ገዛ ቅርጺ ቅድም ኣብ ኣእምሮና ንቐርጽ ብድሕሪኡ ኣብ ወረቐት ንሕንጽጾ ኣብ መወዳእታ ከኣ ኣብ ምድሪ ንፍጽሞ። ስለዚ ንራእይና እንፍጽመሉ መሰረት ክነቕውም ይግባእ። ሃዋርያ ጳውሎስ ብዛዕባ እዚ ኣነጺሩ ጽሒፉ ኣሎ። "ኣነ ከምቲ እተዋህበኒ ጸጋ ኣምላኽ ብልሓተኛ ሃናጺ ኮይነ ነቲ መሰረት ሰረትኩ ሓደ ካልእ ከኣ ኣብ ልዕሊኡ ይሃንጽ" ብምባል ንራእዩ ቅርጺ ከምዘትሓዞ ንርኢ (1ቈረ 3፡10-11)። ኣብ ካልእ ቦታውን "ኣነ ተኸልኩ፡ ኣጵሎስ ኣስተየ ኣምላኽ ግና ኣብቆለ" ኢሉ ኣሎ።

| | | |
|---|---|---|
| ተኸልኩ | ኣስተየ | ኣብቆለ |
| መሰረት | መገዲ | ሸቶ |

ኣብዚ'ውን ንጹር ቅርጺ የርእየና ኣሎ። ስለዚ ራእይና ንምትግባር ምእንቲ ክጥዕመና ብግዲ ቅርጺ ክነትሕዞ ከምዘድልየና ኣይንዘንግዕ። መን፡ እንታይ፡ መዓስ፡ ከምዝገብር እንተዘይፈሊጥና መወዳእታና ኣይክጽብቕን እዩ።

## 2. ውሽጣዊ ምድላው

ቅርጺ ኣትሒዝና ክንብገስ ከሎና ከጋጥሙና ዝኽእሉ ሓያሎ ጥዑማትን መረርትን ኣጋጣሚታት ኣለዉ። ካብ ተራ ላግጺ ክሳዕ ሞት ዝኣክል ፈተና ከጋጥመና ይኽእል እዩ። ከም እኒ ሳንባላጥ እዚ እትሰርሕዎ ዘለኹም ወኻርያ እንተ ደየበቶ ክፈርስ እዩ ኢሎም ናይ ቈልዑ ዝመስል ባጫ ከባጭዉልና ይኽእሉ። ወይ'ውን ንዓ ኣብዚ ንማኸር ኢሎም ናይ ሞት መጻወድያ ከጻውዱልና ይኽእሉ እዮም። ነዚ ኲሉ ዓይነት ፈተና ከም ናይ ነህምያ ዝበለ ንጹር መልሲ ውሽጥና ክመልእ ይግባእ (ነህ 6፡3,9-13)። ከም ጳውሎስ ሎምስ ናብ ጽላለ ኣዲሂቡልካ ክበሃለልና ከሎን ዋና እዛ ቅናት እዚኣ ኣብ የሩሳሌም ክእሰር እዩ ክብሉና ከለዉን ውሽጥና ካብ ላግጽን ማእሰርትን ሓሊፉ ንሞት ዝዳለወሉ ጺጋ መሊኡ ከምዘሎ ከነረጋግጽ ክንክእል ኣሎና (ግብ 26፡24-29፣ ግብ 21፡10-14)።

ካብ ኣሕዋት ሓቒ ኮነ ካብ ኣሕዋት ሓሶት ዝመጸና ፈተናታት ይኹን ሕቶታት ንምምላስን ንምምካትን ወትሩ ድሉዋት ክንከውን ይግባእ (1ጴጥ 3፡15)። ሓደሓደ ጊዜ'ውን ጽቡቕ ዝኾነ ፍረ ምስ ረኸብና ካብ ሰይጣን ካብ ርእስና ይኹን ካብ ሰባት ንዝመጸና ውዳሴ ከንቱ ንምቅዋም ልብና ክዳሎ ይግባእ። ኣእምሮና በቲ ዕለታዊ ስራሕና ተታሒዙ ንኣምላኽ ዝኸውን ጊዜን ኣቓልቦን ከይከልኣናውን ንእኡ ንምስማዕ ኮነ ካብኡ ንምቕባል ብውሽጥና ድሉዋት ክንከውን ይግብኣና።

## 3. ደጋዊ ምድላው

ብውሽጥና ዝኣክል ምድላው ፈጺምና ነቲ ክንገብሮ ዝግብኣና ደጋዊ ምድላው ምስ እንርስዖ ውጽኢቱ ጽቡቕ ኣይከውንን እዩ። ምኽንያቱ ኲሉ ነገር ኣብ ውሽጥና ጥራይ ኣይኮነን ዝፍጸም። ካብ ውሽጥና ወጻኢ ኣብ ዝኾነ ቦታን ኩነታትን ንዝፍጸሙ ፍጻሜታት እኹል ዝኾነ ደጋዊ ምድላው ክንገብር ይግብኣና እዩ። ንኣብነት ንምግልጋል ዘድልዩና ነገራት ከም እኒ ጽሑፋት፡ ንብረት፡ ኣልባሳት ከነዳሉ ከምኡ'ውን ስልጠናታት ምሃብ። ነቲ እትምህሮ ህዝቢ ንኽትምህሮን ንኽትከታተሎን ምእንቲ ክጥዕመካ ብጉጅለታት ምክፍፋል። ንምግልጋል ዘድልዩኻ

ኮሚቴታት ምድላውን ነዚ ዝኣመሰሉ ካልኦት ምድላዋት ምግባር ኣዝዩ ኣድላዪ እዩ። በዓል ነህምያን እዝራን ከምዚ ዝኣመሰለ ምድላዋት ስለዝገበሩ፡ እቲ ምድላዋት ኣዝዩ ከምዝሓገዞም ካብ ቃል እግዚኣብሄር ክንርዳእ ንኽእል ኢና (ነህ 2፡5-8፣ እዝ 8፡1-36)። የትሮ ሓሙኡ ክሳዕ ዝምዕዶ ሙሴ ከምኡ ዓይነት ምድላው ስለዘይነበሮ ንሱን እቲ ህዝብን ይሽገሩ ከምዝነበሩ ካብ ታሪኹ ንርዳእ (ዘጸ 18፡12-27)። እቲ ቀንዲ ነገር ናይ ውሽጢ እዩ ኢልና ነቲ ናይ ደገ ነገር ምስ እንርስዖ እቲ ብደገ ዝርከብ ጸገም እናበዝሐ ምስ ከደ ናብቲ እንግደሰሉ ውሽጢ ክኣቱን ኩለንተናና ድማ ከበላሹን ምኽኑ ክንዝንግዕ የብልናን።

ናይ ስጋ መብራህቲ ዓይኒ እያ፡ ዓይንና እንተጠዓየት ኩሉ ስጋና ብሩህ ይኾውን። ከምኡ'ውን ብሩህ ዝኾነ መንፈሳዊ ህይወት ኽንነብር ንኽእልን ናይ ግድን ጥዑይ መንፈሳዊ ኣዒንቲ ክህልወና የድሊ። ጥዑይ መንፈሳዊ ኣዒንቲ ኣለና ክንብል እንተኾይንና ኑቲ ንሕና ምእንቲ ክንጥዒ ኢሉ ሕማምና ዝጾረ ስቑል ክርስቶስ ወርትግ ኣብ ቅድሚ ኣዒንትና ክንገብር ይግባእ።

ኑቲ ምእንቲ ሓጢኣትካ ዝተሰቕለ ጎይታ ኩሉ ጊዜ ኣብ ቅድሚ ኣዒንትኻ ምግባር፡ ኑቲ ብኣምላኽ ዝተዋህበካ ሓቂ እትእዘዝ ንቑሕን ጥዑይን ክርስትያን ክትከውን ይረድኣካ። ነዚ ስቑል ክርስቶስ ካብ ቅድሚ ኣዒንትኻ እንተልዓልካዮ ግን ንሓቂ ክትእዘዛ ይትረፍ ኽትፈልጣ እኳ ዕዙም ኳንካ ኢኻ እትተርፍ። ስቑል ክርስቶስ ኑቲ ናይ ኩነታትን ነገራትን ክውንነትን ሓቀኛ ምስሉ ብእኡ ጌርና ክንትእየሉ እንኽእል ህያው መነጽር እዩ።

ዶ/ር ተኽለኣብ መንግስተኣብ